

Ministerie van Sociale Zaken en
Werkgelegenheid

# ሓድሽ ኣብ ኔዘርላንድ

## ን ኻብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኾና ሃገራት ዝመጹ ወጻእተኛ ታት



**ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኾነት ሃገር ዲኹም መጺእኩም? ወይ’ውን ካብ ሊኺንስታይን፣ ነርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ክሮኣስያ ወይ ስዊዘርላንድ ኣይመጻእኩምን? እምበኣር እዚ መጽሄት ንዓኹም ዝኸውን እዩ።**

ናብ ኔዘርላንድ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም። ኣብ’ዚ መጽሄት ናብ ኔዘርላንድ ምስመጻእኩም እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ሰፊሩ ኣሎ። ከም ሰራሕተኛ ወይ ከም ወናኒ ትካል መጠን ኣየኖት መሰላትን ግቡኣትን ከምዘለኩም። ከምኡ ድማ ኣብ ኔዘርላንድ እንተተቐሚጥኩም ኣየኖት ሕግታትን ልምድታትን ከምዘዃንፍኹም ሰፊሮም ኣለዉ።

ኣብ’ዚ ጽሑፍ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ሓበሬታ ክንህበኩም ክንፍትን ኢና። ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ብዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩዶ? ኣምበኣር ኣብ ኢንተርነት እቲ ክትፈልጥዎ ትደልዩ ኣርእስቲ ብምድላይ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። እንተደኣ ነዚ ጽሑፍ ብኢንተርነት ከተንብብዎ ደሊኹም ኮይንኩም ኣብ’ቲ መራኸቢ ምጽቃጥ ጥራሕ እዩ ዘድልየኩም። ምስ’ቲ ኣርእስቲ ተጻሒፉ ዘሎ ቴለፎን ብምድዋል ድማ ብቴለፎን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣስተውዕል፡ መብዛሕትኦም ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት ብቛንቋ ኔዘርላንደኛ እዮም። እንተደኣ ኣብ’ቲ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ብኻልእ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ሓበሬታ ኣሎ ኮይኑ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ’ዚ ንሕብር ኢና። ኣንተደኣ ቴለፎን ደዊልኩም ድማ ምብዛሕትኡ ግዜ ብቋንቋ ኢንግሊዘኛ ይከኣል እዩ። ኣብ ግዜ ሽግር ድማ ምስ ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከብ ኤምባሲ ናይ ሀገርኩም ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ትሕዝቶ


ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድምምጻእኩም 4

ቪዛ ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድ ሕተቱ 5

ወሃቢ ስራሕኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይ GVVA (ጥሙር ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድ ከምዝሓተልኩም ግበሩ) 5

ናብ ኔዘርላንድ ምስ መጻእኩም 6

ክትገብርዎ ዘለኩም 6

ኣብ ኔዘርላንድ ንኸንደይ ግዜ ክምትጸንሑ ወስኑ 7

ግዝያዊ ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንካ ምምዝጋብ 7

ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንካ ምምዝጋብ 7

ናይ BSN-ቁጽሪ ክወሃበኩም እዩ 7

ናይ መንበሪ ኣድራሻ ምግባር 7

ምስ ሕብረተሰብ ክትወሃሃዱ ኣለኩም (inburgeren) 8

ቛንቋ ኔዘርላንደኛ ክትመሃሩ ኣለኩም 8

ሓገዝን ምኽርን ብቛንቋኹም? 9

ምስራሕ  ኣብ ኔዘርላንድ 10

ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ እንታይ የድልየኩም? 11

ናይ ካልእ ሃገር ናይ ትምህርቲ ወረቓቕቲ 11

ናይ ስራሕ ኩነታት 11

ናይ ስራሕ ውዕል 11

ናይ ደሞዝ ዝርዝር 11

Cao (ናይ ሓባር ናይ ስራሕ ውዕላት) 12

እቲ ዝተሓተ ደሞዝ 12

ናይ ስራሕ ሰዓታት 12

ድሕነቱ ዝተሓለወ ናይ ስራሕ ቦታ 12

ወሃቢ ስራሕኩም እሙን ድዩ? 12

ናይ ቀረጽ ምምልካት 13

ካብ ስራሕ ወጺእኩም? 13

ሓሚምኩም ወይ ንስራሕ ዘይብቑዕ ኮይንኩም ኣለኹም? 13

እንታይ እዩ ስርሑማሕበር ሰራሕተኛታት? 13

ነብስኻ ክኢልካ ከም ወናኒ ትካል ኮይንካ ምስራሕ 14

ምንባር ኣብ ኔዘርላንድ 16

ናይ መንነት ወረቐትኩም ኩሉ ግዜ ምሳኹም ሓዝዎ 17

DigiD (ኣሃዛዊ መንነት) 17

መንበሪ ቤት ምርካብ 17

መኪና ምምራሕ ኣብ ኔዘርላንድ 18

ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ኔዘርላንድ 18

ቆልዑት 18

ናይ ሕክምና ውሕስነት (ኢንሹራንስ) 19

ሕክምናዊ ክንክን 20

ቀረጻት 20

ተወሰኽቲ ሓገዛትን ክፍሊታትን 21

ኣድልዎ ወይ ኣፈላላይ 21

ተወሳኺ  ሓበሬታን  ሓገዝን 22



# ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምምጻእኩም

## ቪዛ ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድ ሕተቱ

*ካብ 90 መዓልታት ዝውሕድ ዲኹም ክትጸንሑ?*
እምበኣር ናይ ሓጺር ግዜ መጽንሒ ቪዛ ሕተቱ። ቪዛ ኣብ ሃገርኩም ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ናይ ኔዘርላንድ ወይ ቆንስል ኢኹም ትሓትዎ። ኩሉ ሰብ ቪዛ ኣየድልዮን እዩ። ኣብ ind.nl ዝብል ተመልከቱ። እዚ ናይ ጉዳያት ስደትን ዜግነትን ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ እዩ።

*ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ዲኹም ክትጸንሑ?*
እምበኣር ናይ መንበሪ ፍቓድን ናይ መእተዊ ቪዛን (mvv (ግዝያዊ ናይ መንበሪ ፍቓድን) ብሓንሳብ ሕተቱ። እዚ መስርሕ ናይ መእተውን መንበርን (TEV) እዩ። እዚ ድማ ብመንገዲ IND እዩ ዝካየድ። ብዘይ mvv ናብ ኔዘርላንድ ክትኣትዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ግን ኩሉ ግዜ mvv ኣየድልየኩምን እዩ። ኣብ ind.nl ዝብል ተመልከቱ።

> ቅድም ናብ ኔዘርላንድ መጺእኩም ብድሕሪኡ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክምኡ’ውን mvv ክትሓቱ ኣይፍቀደልኩምን እዩ።
> ግን ኩሉ ግዜ mvv ኣየድልየኩምን እዩ። ንኣብነት ዜጋ ናይ ዝተወሰነ ሀገር እንተኾይንኩም ወይ ድማ እንተወሓደ 5 ዓመት ኣብ ሓደ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነ ሃገር ብምክትታል ዝተቐመጥኩም እንተኾይንኩም። ስለዚ ብዘይ mvv ናብ ኔዘርላንድ መጺእኩም ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ።

## ወሃቢ ስራሕኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይ GVVA (ጥሙር ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድ ክምዝሓተልኩም ግበሩ)

መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ እንተኾይንኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይ ድማ GVVA (ጥሙር ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድ) የድልየኩም እዩ።

- ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 90 መዓልታት ዝውሕድ ዲኹም ክትሰርሑ? እምበኣር ንወሃቢ ስራሕኩም ካብ UWV ናይ ስራሕ ፍቓድ ክምዝሓተልኩም ግበሩ። ኣብ werk.nl/werkvergunning ዝብል ተመልከቱ።
- ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ዲኹም ክትሰርሑ? እምበኣር ወሃቢ ስራሕኩም መብዛሕትኡ ግዜ GVVA ክሓተልኩም ኣለዎ። ነዚ ካብ IND (ጉዳያት ስደትን ዜግነትን) እዩ ዝሓቶ። ኣብ ind.nl ዝብል ተመልከቱ።
- እንተደኣ ናይ ባዕልኹም ትካል ክትከፍቱ ኮይንኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣየድልየኩምን እዩ። ግን ናይ ወነንቲ ትካላት ናይ መንበሪ ፍቓድ ከድልየኩም እዩ። ክምኡ ድማ ኣብ kvk (ክፍሊ ንግዲ) ምምዝጋብ ከድልየኩም እዩ። ትካል ክትከፍቱ ዝተፈቐደልኩም ክትኮኑ ድማ ኣለኩም። እዚ ብመንገዲ IND እዩ ዝካየድ። ኣብ ind.nl ዝብል ተመልከቱ። ክምኡ’ውን ኣብ Werken als zelfstandig ondernemer ዝብል ተመልከቱ።



# ናብ ኔዘርላንድ ምስ መጻእኩም ክትገብርዎ ዘለኩም

## ኣብ ኔዘርላንድ ንኽንደይ ግዜ ከምትጸንሑ ወስኑ

*ካብ 4 ኣዋርሕ ንላዕሊ ዲኹም ክትጸንሑ?*

ስለዚ ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንኩም ክትምዝገቡ ኣለኩም። ምምዝጋብ ድማ ኣብ'ቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ክፍጸም ይከኣል እዩ።

*ካብ 4 ኣዋርሕ ንታሕቲ ዲኹም ክትጸንሑ?*

ስለዚ ግዝያዊ ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንኩም ክትምዝገቡ ኣለኩም።

ንምምዝጋብ ደንጊኹም ኣለኹም ዶ?
እምበኣር ምናልባት ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክትከፍሉ ኢኹም።
እዚ ድማ ክሳብ €325 ክበጽሕ ይኽእል እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ቴለፎን፥ 1400 ወይ +31 77 465 67 67 ደውሉ።

## ግዝያዊ ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንካ ምምዝጋብ

እዚ ኣብ 19 መመዝገቢ ነቑጣታት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ኣብ ምምሕዳራት፥ ኣልክማር፣ ኣልሜሎ፣ ኣምስተርዳም፣ ብሬዳ፣ ደንሓኽ፣ ዱቲንኸም፣ ኣይንድሆቨን፣ ኽሮኒንገን፣ ኹስ፣ ሂርለን፣ ሊውቫርደን፣ ላይደን፣ ናይመኽን፣ ሮተርዳም፣ ተርነውዘን፣ ኡትረኽት፣ ፌንሎ፣ ቬስትላንድ ከምኡ'ውን ዝቮለ ይኸውን። ነዚ ንምግባር ትኽል ዝኮነ ናይ መንነት መፍለጢ ወረቐት ጥራሕ እዩ ዘድልየኩም

ግን ካብ 4 ኣዋርሕ ንላዕሊ ክትጸንሑ ዲኹም?
እምበኣር ብቐልጡፍ ክትሕብሩ ኣለኩም። እዚ ድማ ኣብቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ክፍጸም ኣለዎ። እምበኣር ናይ ኔዘርላንድ ነባራይ ኮይንኩም ኣለኹም ማለት እዩ።

## ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ከምዝኾንካ ምምዝጋብ

ነዚ ኣብቲ ናይ ትነብርሉ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ኢኹም ትገብርዎ። እዚ ድማ ካብ'ታ መጀመርታ ኣብ ኔዘርላንድ ዝኣተኹምላ ዕለት ጀሚርኩም ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ክትምዝገቡ ኣለኩም። ኩሎም ምሳኹም ዝነብሩ ኣባላት ስድራቤትኩም ድማ ምሳኹም ክትማልእዎም ኣለኩም።

*ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር እንታይ ክትማልኡ ኣለኩም?*

- ናይ ነፍስወከፍ ኣባል ስድራቤትኩም፥ ትኽክል ፓስፖርት ወይ ናይ መንነት ወረቐት።
- ኣብ ኔዘርላንድ ዝገበርክሞ ናይ ገዛ ክራይ ውዕል ወይ ድማ ናይ ገዛ ምግዛእ ውዕል።
- ካብ ሃገርኩም ዘምጻእኩሞም ኣገደስቲ ሰነዳት። ንኣብነት፥ ናይ ትውልዲን ናይ ቃል-ኪዳንን ናይ ምስክር ወረቐት።

*ኣብ ናይ ካልእ ሰብ መንበሪ ቤት ዲኹም ትቕመጡ?*

እምበኣር እዚ ሰብ'ዚ ኣብኡ ከምእትቕመጡ ናይ መረጋገጺ ወረቐት ክህበኩም ኣለዎ። ናቱ ቕዳሕ ናይ መንነት ወረቐቱ ድማ ክትማልኡ ኣለኩም።

## ናይ BSN-ቁጽሪ ክወሃበኩም እዩ

ድሕሪ ከም ነባራይ ወይ ድማ ከም ግዝያዊ ነባራይ ምምዝጋብኩም ናይ ዜጋ ኣገልግሎት ቁጽሪ (ናይ BSN-ቁጽሪ) ክወሃበኩም እዩ። እዚ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት የድልየኩም እዩ። ንኣብነት፥

- ንስራሕ
- ንናይ ባንኪ ሕሳብ
- ንሓኪም ወይ ንሆስፒታል
- ንቤት ትምህርቲ ናይ ደቅኹም።

## ናይ መንበሪ ኣድራሻ ምግባር

ናይ መንበሪ ኣድራሻ የድልየኩም እዩ። ኣድራሻ ምስዝህልወኩም ጥራሕ ኢኹም ኣብ ምምሕዳር ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ኣብ Wonen in Nederland (ምንባር ኣብ ኔዘርላንድ) ዝብል ረኣዩ።

*ክትግዕዙ ዲኹም?*

- ናብ ካልእ ምምሕዳር ክትግዕዙ ዱኹም? ስለዚ ነቲ ሓድሽ ምምሕዳርኩም እቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ሃብዎ ኢኹም። እዚ ድማ ብናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ናይ'ቲ ምምሕዳር ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ብሓድሽ ምምዝጋብ ኣየድልየኩምን እዩ።
- እንተደኣ ኣብ ውሽጢ ምምሕዳርኩም ትግዕዙ ኣለኹም ኮይንኩም ድማ ሓድሽ ኣድራሻኹም ነቲ ንምምሕዳርኩም ሃብዎ ኢኹም።
- ናብ ሃገርኩም ትምለሱ ኣለኹም?
  - እንተደኣ ከም ነባራይ ኮይንኩም ኔርኩም ተመዝጊብኩም ንምምሕዳርኩም ሓብርዎ ኢኹም።
  - እንተደኣ ከም ግዝያዊ ነባራይ ኮይንኩም ኔርኩም ተመዝጊብኩም ግን ወላሓንቲ ምግባር ኣየድልየኩምን እዩ።

እንተደኣ እንደገና ካልእ ግዜ ናብ ኔዘርላንድ ተመሊስኩም፣ እቲ ናይ ቅድምሕጂ ናትኩም ናይ BSN-ቁጽሪ ክትጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ብሓድሽ ምሕታት ኣየድልየኩምን እዩ። ከም ብሓድሽ ነባራይ ናይ ኔዘርላንድ ትኾኑ እንተሊኹም ግን ኣብ ምምሕዳርኩም ከም ብሓድሽ ክትምዝገቡ ናይ ግድን እዩ።

## ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ምእታው

ናይ ኔዘርላንድ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ክህልወኩም ናይ ግድን እዩ። ወላ'ውን ኣብ ሃገርኩም ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ይሃልውኩም። ናይ ኢንሹራንስ ትካል ንኹሎም ናይ ሓኪም ወጻኢታት ይሸፍኖም እዩ። ብተወሳኺ ድማ ንገለ ክፋል ናይ መድሃኒትን ሆስፒታል ወጻኢታትን ይሸፍኖ እዩ። ኣብ Ziektekostenverzekering (ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ) ዝብል ብዛዕባ'ዚ ዝያዳ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ኣይኣተኹምን?
እምበኣር ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክግበረልኩም እዩ። ንኹሎም ናይ ሕክምና ወጻኢታት ድማ ባዕልኹም ክትከፍልዎም ኣለኩም። ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ መስመር ናብ ቑጽሪ ስልኪ፥ 0800 646 46 44 ወይ ድማ +31 88 900 69 60 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ zorgverzekeringslijn.nl/coming-from-abroad ዝብል ረኣዩ።

## ምስ ሕብረተሰብ ክትወሃሃዱ ኣለኩም (inburgeren)

እንተደኣ ካብ ኣባል ናይ ኣኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኾነት ሃገር ኮይንኩም መጺእኩም ምስ ሕብረተሰብ ናይ ምውህሃድ ትምህርቲ (ኢንቡርኽረን) ክትወስዱ ኣለኩም። ኣብ ግዜ ኢንቡርኽረን ብዛዕባ ኔዘርላንድ ትመሃሩ። ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ምዝራብ፣ ምጽሓፍን ምንባብን ትመሃሩ። ከመይ ጌርኩም ስራሕ ከምእትኣትዉ ትመሃሩ ኢኹም። እንተደኣ መደብ ኢንቡርኽረን ክትወስዱ ኣለኩም ኮይኑ ካብ DUO (ናይ ትምህርቲ ኣተግባሪ ኣካል) ደብዳቤ ይመጸኩም እዩ። ኣብ inburgeren.nl ዝብል ረኣዩ። ወይ ድማ ናብ DUO ናብ ቑጽሪ ስልኪ፥ 050 599 96 00 ደውሉ።

*ኢንቡርኽረን ኣብ ውሽጢ 3 ዓመት ክትግበር ኣለዎ።*
ናይ ኢንቡርኽረን ናይ ምስክር ወረቐት ክትወስዱ ኣለኩም። እዚ ድሕሪ ናይ መንበሪ ፍቓድ ምውሳድኩም ኣብ ውሽጢ 3 ዓመት ክትግበር ኣለዎ። ምጽሓፍን ምንባብን ኣይትኽእሉን ኢኹም? ስለ'ዚ ናይ ኢንቡርኽረን ናይ ምስክር ወረቐት ክትወስዱ ን 5 ዓመታት ዝኣክል ግዜ ይወሃበኩም እዩ።

ናይ ኢንቡርኽረን መደብ ክትካፈሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም? ብዛዕባ'ዚ ብቑዕ ምኽንያት ኣለኩም?
ወይ ድማ ኔዘርላንደኛ ክትዛረቡን ክትጽሕፉን ትኽእሉ ኢኹም? ከምኡ እንተኾይኑ ምሳኹም ዝኸዱ ካልኦት ሕግታት ኣለዉ። ኣብ inburgeren.nl ዝብል ረኣዩ።

*ባዕልኻ ምምሃር ወይ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ*
ናይ ኢንቡርኽረን ናይ ምስክር ወረቐት ክትወስዱ ባዕልኹም ክትመሃርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ኮርስ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

*ዋጋታት ናይ ኢንቡርኽሪንግ ኮርስ*
ኢንቡርኽረን ምግባር ገንዘብ ይሓትት እዩ። ካብ DUO (ናይ ትምህርቲ ኣተግባሪ ኣካል) ለቓሕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ግን እቲ ትመሃርሉ ቤት ትምሕርቲ ብቕዓቱ ዝተመስከረ ምስዝኸውን ጥራሕ እዩ። ኣብ blikopwerk.nl/inburgeren ዝርዝር ናይ ብቕዓተን ዝተመስከረለን ኣብያተ ትምህርቲ ትረኽቡ ኢኹም። ነዘን ኣብያተ ትምህርቲ እዚኣተን ጥራሕ እዩ ናይ ገንዘብ ለቓሕ ዝፍቀደኩም።
ዑቕባ ዝተፈቐደሎም (ናይ መንበሪ ወረቐት ዝተወሃቡ ሰባት)፣ እሞ ነዚ ናይ ኢንቡርኽሪንግ ናይ ምስክር ወረቐት ኣብ ውሽጥ'ቲ ዝተመደበሎም ግዜ ወሲደሞ፣ ንዝተለቀሕዎ ገንዘብ ተመሊሶም ኣይከፍልዎን እዮም።

## ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ክትመሃሩ ኣለኩም

ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ብቕልጡፍ ክትመሃሩዎ ኣድላይነት ኣለዎ። ብኸምዚ ድማ ምስ ደረጃኹም ዝኸይድ ስራሕ ክትረኽቡ ተኽእሎታት ይህልወኩም ማለት እዩ። ምስ ምምሕዳር ወይ ምስ ሓኪምን ክትዘራረቡ ትኽእሉ። ከምኡ ድማ ምስ ናይ ደቅኹም ቤት ትምህርቲ ክትዛራረቡ ትኽእሉ።

*ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ብኢንተርነት*
ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ባዕልኹም ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም፥
- Oefenen.nl. ። ንቛንቋ ኔዘርላንደኛ ንምልምማድ። እዚ ብነጻ እዩ።
- Naarnederland.nl. ። እዚ ካብ 30 ንላዕሊ ብዝኾኑ ቛንቋታት ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ብነጻ እዩ።
- NT2taalmenu.nl. ። እዚ ብነጻ እዩ።

*ኣብ ውሽጢ ኽፍሊ*
ምስ ካልኦት ሓደሽቲ ዝመጹ ብሓባር ኮይንኩም ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ትመሃሩ። ነዚ ዝኸውን ካብ DUO (ናይ ትምህርቲ ኣተግባሪ ኣካል) ለቓሕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ inburgeren.nl/inburgeren-betalen.jsp ዝብል ረኣዩ። ነዚ ግን እቲ ትመሃርሉ ቤት ትምሕርቲ ብቕዓቱ ዝተመስከረ ምስዝኸውንን ጥራሕ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ምምሕዳራት ናይ ባዕለን ናይ ቋንቋ ትምህርቲ የቕርባ እየን። ኣብ ምምሕዳርኩም ከምኡ እንተሎ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንስኹም እውን ብመንገዲ taalzoeker.nl ባዕልኹም ኮርስ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም።

*ምስ ብወለንታ ዝተሓባበር ቛንቋ ምልምማድ*
መታን ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ጽቡቕ ክትክእልዎ ብዙሕ ክትለማመዱ ኣለኩም። ብወለንታ ዝሰርሕ ናይ ቋንቋ ኣለማማዲ (ናይ ቋንቋ ዓርኪ ወይ መሓዛ) ብዛዕባ'ዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ነዚ ብመንገዲ hetbegintmettaal.nl ከምኡ ድማ ብመንገዲ taalzoeker.nl ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

*ብመንገዲ ወሃቢ ስራሕኩም*
ንስኹም ጽቡቕ ቋንቋ ኔዘርላንደኛ ክትዛረቡ እንተኺኢልኩም ንወሃቢ ስራሕኩም እውን ጥቕሚ ኣለዎ። ሸዑ እቶም ሕግታት ክርድእኹም ስለዝኾኑ እዚ ድማ ውሕስነት ኣለዎ። ንስራሕ ዘድልዩ ኮርሳት ድማ ብቐሊሉ ክትወስድዎም ትኽእሉ ማለት እዩ። ስለዚ ንወሃቢ ስራሕኩም ብመንገዲ ስራሕኩም ናይ ቋንቋ ትምህርትታት ክትከታተሉ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ሕተትዎ። ወሃቢ ስራሕኩም ድማ ነዚ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይረክብ እዩ።

## ሓገዝን ምኽርን ብቛንቋኹም?

- ኣብ ኔዘርላንድ ምስ ዝርከብ ናይ ሃገርኩም ኤምባሲ ተራኸቡ። ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/ambassades-consulaten-en-overige-vertegenwoordigingen/inhoud ኩለን ሃገራት ኣብ ኔዘርላንድ ኤምባሲ ዘለወን ሰፈረን ይርከባ።



ናይ መንበሪ ፍቓድ የድልየኩም ድዩ?

✖ ኣየድልን'ዩ፥ እንተደኣ ዜጋ ናይ ሓንቲ ካብዘን ሃገራት እንተ ኾይንኩም፥

- ኤውሮጳዊ ሕብረት
- ክሮኣሰያ
- ሊኽተንስታይን
- ነርወይ
- ኣይስላንድ
- ስዊዘርላንድ

✔ የድል'ዩ፥ ናይ ካልእ ሃገር ዜግነት ዘለኩም እንተኾይንኩም። ብተወሳኺ ድማ እንተደኣ ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ክትጸንሑ መደብ ኣለኩም ኮይኑ። ናይ መንበሪ ፍቃድ ትሓቱዎ ካብ IND እዩ። ነዚ ዝምልከት ኣብ ind.nl ዝብል ረኣዩ።




# ምስራሕ ኣብ ኔዘርላንድ

## ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ እንታይ የድልየኩም?

*ናይ ዜጋ ኣገልግሎት ቁጽሪ (BSN-nummer)*

እንተደኣ ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ ደሊ.ኹም ናይ BSN-ቁጽሪ (ናይ ዜጋ ኣገል ግሎት ቁጽሪ) የድልየኩም እዩ። እዚ ድማ ኣብ ግዜ ምምዝጋብኩም እዩ ዝወሃበ ኩም። ኣብ BSN-nummer ዝብል ተወሳኺ ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

*መንነትኩም ናይ ምፍላጥ ግዴታ*

ኣብ ኔዘርላንድ ኩሉ ግዜ ናይ መንነት ወረቐትኩም ብምርኣይ መን ምዃንኩም ከተፍልጡ ኣለኩም። እዚ ድማ እንኮላይ ኣብ ስራሕኩም ይኸውን። ወሃቢ ስራሕኩም ናይ መንነትኩም መረጋገጺ ወረቓቕቲ ቅዳሕ ይገብር እዩ። ናይ መንነ ትኩም መረጋገጺ ወረቓቕቲ ግን ምስኡ ክሕዞም ኣይፍቀድን እዩ።

*ናይ ኔዘርላንድ ናይ ባንኪ ሕሳብ*

ወሃቢ ስራሕኩም ደሞዝኩም ብመንገዲ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም እዩ ክኸፍለኩም ዘለዎ። ገለ ኽፋል ናይ ደሞዝኩም ኣብ ኢድኩም ወይ ብዓይነት ክኸፍለኩም ይፍቀድ እዩ። እዚ ዝፍቀድ ድማ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ዝተሓተ ደሞዝ ልዕሊኡ ካብ ዘሎ ደሞዝኩም ጥራይ እዩ። እዚ ምስ ዕድሜኹም ተራእዩ እውን እዩ። ኣብ ሃገርኩም ናይ ዘሎ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ድማ ይከኣል እዩ፣ ክሳብ ደሞዝኩም ትቕበሉ ግን ብዙሕ ትጽበዩ ኢኹም።

*ናይ ስራሕ ፍቓድ*

ካብ 90 መዓልታት ዝውሕድ ዲኹም ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ? እምበኣር መብዛሕቱ ግዜ ናይ ስራሕ ፍቓድ (TWV) የድልየኩም
እዩ። ነዚ ድማ ወሃቢ ስራሕኩም ካብ UWV ክሓተልኩም ኣለዎ። ኣብ werk.nl/werkvergunning ዝብል ረኣዩ።

ናብ ኔዘርላንድ ብፍሉይ ንስራሕ ኢልኩም ዲኹም መጺእኩም? ስራሕ ከ ረኺብኩም ኣለኹም ዶ? ብቐጥታ ክትጅምሩ ዲኹም? ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ዲኹም ክትጸንሑ? እምበኣር መብዛሕቱኡ ግዜ ወሃቢ ስራሕኩም ንዓኹም GVVA (ጥሙር ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድ) ክሓተልኩም ኣለዎ። ውሃቢ ስራሕኩም ነዚ ካብ IND (ጉዳይ ስደትን ዜግነትን) እዩ ዝሓቶ። ኣብ ind.nl ዝብል ረኣዩ። ስለዚ ባዕልኹም ናይ መእተዊ ቪዛ (mvv) ወይ ድማ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትሓቱ ኣየድልየኩምን እዩ።

## ናይ ካልእ ሃገር ናይ ትምህርቲ ወረቓቕቲ

ኣብ ካልእ ሃገር ዝተማሃርክሞ ትምህርቲ ኣለኩም ዶ? ብዛዕባ'ዚ ናይ ትምህርቲ ወረቐት ወሲድኩምዶ? ፍሉይ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ዝወሰድኩሙሉ ሞያ ኤርኩም ዶ? ዘለውኹም ናይ ትምህርቲ ወረቓቕቲ ኣብ ኔዘርላንድ ብቐጥታ ኣይሰ ርሑን እዮም። ነዚ ብዝምልከት ን Nuffic ኣብ ደንሃኽ ዝርከብ ወይ ድማ ን SBB ኣብ ዙተርመይር ዝከብ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

- ናብ Nuffic ብቑጽሪ ስልኪ 070 426 02 60 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ epnuffic.nl/en/diploma-recognition ዝብል ረኣዩ።
- ናብ SBB (ምትሕብባር ናይ ሞያ ትምህርትን ትካላትን) ብቑጽሪ ስልኪ 088 338 00 00 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ s-bb.nl/en ዝብል ረኣዩ።

## ናይ ስራሕ ኩነታት

ናይ ስራሕ ኩነታትኩም እንታይ ከምዝኾኑ ከይፈለጥኩም ብፍጹም ስራሕ ክጅት ጅምሩ።

*መሰረታውያን ናይ ስራሕ ኩነታት*

ኣብ ኔዘርላንድ ኩሉ ዝሰርሕ ሰብ ሓደ ዓይነት መሰረታውያን ናይ ስራሕ ኩነታት ኣለውዎ። እዚኣቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኔዘርላንድ ሕግታት ሰፊሮም ይርከቡ። ገለ ኣብነታት ካብ መሰረታውያን ናይ ስራሕ ኩነታት፥

- ብሕጊ ዝሰፈረ ዝተሓተ ደሞዝ
- ናይ ዕረፍቲ መዓልታት
- ናይ ዕረፍቲ ገንዘብ
- ኣብ ግዜ ሕማም ካብ ደሞዝካ ናይ 70% ክፍሊት
- ኣብ ግዜ ጥንሲ ዕረፍቲ

*ተወሰኽቲ ናይ ስራሕ ኩነታት*

መብዛሕቱኡ ግዜ ወሃቢ ስራሓኩም ብመንገዲ ማሕበር ስራሕተኛታት ናይ ሓባር ዝኾነ ናይ ስራሕ ኩነታት ስምምዕ ይገብር እዩ። እምበኣር ኣብቲ ስምምዕ መብዛሕትኡ ግዜ ተወሰኽቲ ውዕላት ይሰፍሩ እዮም። ንሓንሳብ ሓንሳብ ወሃብቲ ስራሕ ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ስራሕ ኩነታት ይህልዎም እዩ። ገለ ኣብነታት ካብ ተወሰኽቲ ናይ ስራሕ ኩነታት፥

- ካብ'ቲ ሕጋዊ ዝተሓተ ደሞዝ ዝለዓለ ደሞዝ
- ናይ መጨረሽታ ዓመት ክፍሊት
- ካብቲ ሕጋዊ ዝተሓተ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ዝበዝሐ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት
- ኣብ ግዜ ሕማም ካብ ደሞዝካ ናይ ካብ 70% ንላዕሊ ክፍሊት
- ናይ ስራሕ መኪና

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ Cao ዝብል ረኣዩ።

## ናይ ስራሕ ውዕል

ብዛዕባ ናይ ናይ ስራሕ ኩነታት ዝምልከት ጽቡቕ ውዕል ግበሩ። እዚ መብዛሕቱ ኡ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ውዕል ይግበር። ኣብ ኔዘርላንድ ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ኩነታት ናይ ቃል ውዕላት እውን ይግበሩ እዮም። ግን ወሃቢ ስራሕኩም ነዞም ዝተገብሩ ውዕላት እንተዘየተግቢ.ርዎም ከ? ስለ'ዚ ንሱኹም ወላሓንቲ ጭብጢ ወይ መረጋገጺ የብልኩምን ማለት እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ መረጋገጺ ከምዝህልወኩም ክትገብሩ ኣለኩም ማለት እዩ። እዚ ብ ኢ.መይል እውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ናይ ደሞዝ ዝርዝር

ኣብ ኔዘርላንድ እንተኾይንኩም ትሰርሑ ዝርዝር ናይ ደሞዝኩም ይወሃበኩም እዩ። ገለ ኣብነታት ካብቶም ኣብኡ ዝሰፍሩ፥

- ጠቕላላ ደሞዝ።
- ወሃቢ ስራሕኩም ዘትርፎም ቖረጽን ወርሓዊ ክፍሊታትን። ንኣብነት ናይ ደሞዝ ቀረጽ።
- ጽሩይ ደሞዝ። እዚ ካብ'ቲ ጠቕላላ ደሞዝካ ንዝተፈላለዩ ክፍሊታት ምስ ጎደልዎ ጽሩይ ኣብ ኢድካ ዝኣቱ ደሞዝ እዩ።
- ደሞዝኩም ትወሃብሉ ግዜ። ንኣብነት፥ ወርሒ ሓምለ።

## Cao (ናይ ሓባር ናይ ስራሕ ውዕላት)

መብዛሕትኦም ወሃብቲ ስራሕ cao (ናይ ሓባር ናይ ስራሕ ውዕላት) ኣለዎም። ኣብ cao ውዕላት ብዛዕባ ናይ ስራሕ ኩነታት ሰፌሮም ይርከቡ። እዞም ውዕላት እዚኣቶም ኣብ መንጎ ወሃቢ ስራሕን ስራሕተኛ ታትን ዝግበሩ እዮም። ወሃቢ ስራሕ ነዞም ውዕላት ክትግብሮም ኣለዎ።
cao ካብ ሕጋዊ ውዕላት ክፍለይ ይፍቀድ እዩ። እዚ ዝከኣል ግን ነቲ ስራሕተኛ ብተወሳኺ ዘርብሕ ምስዝኸውን ጥራሕ እዩ። ስለዚ ንስኹም ካብቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ዝተሓተ ደሞዝ ካብኡ ንላዕሊ እምበር ካብኡ ንታሕቲ ክትክፈሉ ኣይፍቀድን እዩ። ወሃቢ ስራሕኩም cao ዘለዎ ምኺኑ ክትፈልጡ እንተደሊኹም ንወሃቢ ስራሕኩም ወይ ንማሕበር ስራሕተኛ ታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብዝምልከት ኣብ Wat doet een vakbond? (ማሕበር ስራሕታኛ ታት እንታይ እዩ ስርሑ?) ዝብል ረኣዩ።

## እቲ ዝተሓተ ደሞዝ

ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዝተወሰኑ ንዝተሓተ ደሞዝን ናይ ዕረፍቲ ገንዘብን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉ። ወሃቢ ስራሕኩም ዝበዘሓ ክኸፍለኩም ይኽእል እዩ። ዝወሓደ ክኸፍለኩም ግን ኣይፍቀደሉን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/minimumloon ወይ ድማ ኣብ inspectieszw.nl ዝብል ረኣዮ።

ወሃቢ ስራሕኩም cao ኣለዎ ዶ?
እምበኣር ንስኹም ኩሉ ግዜ ትወስድዎ ደሞዝ ብመሰረት ኣብ'ቲ cao ዝተገብረ ውዕል ይኸውን። ወሃቢ ስራሕኩም cao የብሉን?
እምበኣር ኩሉ ግዜ እንተወሓደ ማዕረ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ዝተሓተ ደሞዝ ምስ ዕድሜኹም ዝኸይድ ክትወስዱ ይግባእ።
ካብ ናይ cao ውዕል ዝተሓተ ደሞዝ ትወስዱ እንተሊኹም ምስ ማሕበር ስራሕተኛ ታት ክትራኸቡ ኣለኩም። እንተደኣ ካብቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ዝተሓተ ድሞዝ፣ ካብኡ ንታሕቲ ደሞዝ ትወስዱ ኣለኹም ድማ ናብ ቁጽጽር SZW ናብ ቑጽሪ ስልኪ፥ 0800 51 51 ወይ +31 70 333 56 78 ደውሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ inspectieszw.nl ዝብል ረኣዩ።

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

ኣብ ኔዘርላንድ ብሕጊ ዝተወሰኑ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣለዉ። እዚኦም ድማ ንነፍስ-ወከፍ ሰብ ዝምልከቱ እዮም። ስለ'ዚ ወላ'ውን ንስኹም ካብ ካልእ ሃገር ዝመጻእኩም ኩኑ። እዞም ሕግታት እዚኣቶም ኣብ ሕግታት ንናይ ስራሕ ሰዓታት ዝብል ሰፌሮም ይርከቡ።

### *ናይ ስራሕ ሰዓታት ብመሰረት cao*

ነፍስ-ወከፍ ወሃቢ ስራሕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሕግታት ኽትግብር ኣለዎ። ኣብ cao ናይ ወሃቢ ስራሕኩም ተወሰኽቲ ውዕላት ዝሰፈሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምስ ወሃቢ ስራሕኩም ካልኦት ውዕላት እውን ክትፍጽሙ ትኽኡ ኢኹም። ንኣብነት፥ ኣብ cao ንሰሙን 36 ሰዓታት ክትሰርሑ ከምዘለኩም ሰፊሩ ኣሎ። ግን ንስኹም ምስ ወሃቢ ስራሕኩም 32 ሰዓታት ጥራሕ ክትሰርሑ ክትወዓዓሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ይፍቀድ እዩ።

### *ተወሳኺ ምስራሕ*

ካብ'ቲ ኣብ ውዕልኩም ዝሰፈረ ዝያዳ ሰሪሕኩም ዶ? እምበኣርከስ እዚ ተወሳኺ ስራሕ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ተወሳኺ ምስእትሰርሑ ዝበዘሐ ደሞዝ ይወሃበኩም እዩ።

### *ናይ ቀትሪ ወይ መዓልቲ ስራሕ*

ኣብ ሰሙን ካብ 48 ሰዓታት ንላዕሊ ክትሰርሑ ኣይፍቀደኩምን እዩ። ንሓንሳብ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን እንተበዘሐ 60 ሰዓታት ክትሰርሑ ይፍቀደኩም እዩ። ንመዓልቲ ድማ እንተበዘሐ 12 ሰዓታት ክትሰርሑ ይፍቀደኩም እዩ። ኣብ ሞንጎ ሞንጎ ድማ ናይ ዕረፍቲ መሰል ኣለኩም።

### *ናይ ለይቲ ስራሕ*

ናይ ለይቲ ትሰርሑ ዲኹም? እምበኣር ኣብ ሰሙን ካብ 40 ሰዓታት ንላዕሊ ክትሰርሑ ኣይፍቀደኩምን እዩ፥ ኣብ inspectieszw.nl ዝብል ረኣዩ።

## ድሕነቱ ዝተሓለወ ናይ ስራሕ ቦታ

ንሱኹም ድሕነቱ ዝተሓለወን ጥዕና ዘለዎን ናይ ስራሕ ቦታ ክህልወኩም መሰልኩም እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ መከላኸሊ ክትለብሱ ትግደዱ ኢኹም። ንኣብነት፥ ናይ ርእሲ መከላኸሊ ወይ ናይ ዓይኒ መከላኸሊ። ወሃቢ ስራሕኩም ነዚኣቶም ብነጻ ክህበኩም ናይ ግድን እዩ።
ኣብ ናይ ህንጻ ቦታ ወይ ኣብ ናይ ኣታኽልቲ ሕርሻ ክትሰርሑ ዲኹም? ወይ ምስ ሓደገኛ ዝኾኑ ንጥረ ነገራት ክትሰርሑ ዲኹም? ንኣብነት፥ ኣስቤስቶስ፣ ወይ ከሚካላት? ስለዚ ንድሕነትኩምን ንጥዕናኹምን ዝምልከቱ ፍሉያት ሕግታት ኣለዉ። ኣብ inspectieszw.nl ወይ ኣብ arboportaal.nl ዝብል ረኣዩ። ምስ ማሕበር ስራሕተኛ ታት ወይ ጥርኑፋት ትካላት ናይ ወሃቢ ስራሕኩም እውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ወሃቢ ስራሕኩም እሙን ድዩ?

### *ብመንገዲ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ዲኹም ትሰርሑ?*

እምበኣር ነዚ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተቆጻጸርዎ፥

- ኣብ kvk (ክፍሊ ንግዲ) ዝተመዝገበ ድዩ? እዚ ብመንገዲ kvk.nl ክኸውን ይኽእል እዩ። ወይ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 0900 123 45 67 (€ 0,70 ሳንቲም ንደቒቕ) ደውሉ።
- ናይ SNA (ናይ ስራሕ ሕጊ ዘውጽእ ኣካል) ናይ ምስክር ወረቐት ኣለዎ እንተኾይኑ። እዚ ብመንገዲ normeringarbeid.nl/en ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ናይ መቕጻዕትታ ገንዘብ ዝተገበረሉ እንተኾይኑ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ sncu.nl ዝብል ተመልከቱ።
- ኣባል ናይ ጥርኑፋት ትካላት ከም ምኺኑ። እዚኦን ንኣባላተን ሕጊ ናይ cao የኽብራን ኣየኽብራን ይቆጻጸራ እየን። እዚኦን ኣባላተን ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት እውን ዘስፈራ እየን።
  - ናብ ABU ብቑጽሪ ስልኪ 020 655 82 55 ደውሉ። ወይ ኣብ abu.nl ዝብል ተመልከቱ።
  - ናብ NBBU ብቑጽሪ ስልኪ 033 476 02 00 ደውሉ። ወይ ኣብ nbbu.nl ዝብል ተመልከቱ።

### *ናይ ኔዘርላንድ ወሃቢ ስራሕ ድዩ ዘለኩም?*

እምበኣር ንወሃቢ ስራሕኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተቆጻጸርዎ፥

- ኣብ ክፍሊ ንግዲ ዝተመዝገበ ድዩ? እዚ ብመንገዲ kvk.nl ክኸውን ይኽእል እዩ። ወይ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 0900 123 45 67 (€ 0,70 ሳንቲም ንደቒቕ) ደውሉ።
- cao ኣለዎን የብሉን። ወሃቢ ስራሕኩም ንኣብ cao ዘለዉ ውዕላት ከኽብሮም ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ናብ ማሕበር ስራሕተኛ ታት (Wat doet een vakbond?) ዝብል ረኣዩ። ወይ ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 1400 ወይ ድማ +31 77 465 67 67 ደውሉ።

### *ናይ ወጻኢ ሃገር ወሃቢ ስራሕ ድዩ ዘለኩም?*

ናይ ወጻኢ ሃገር ወሃቢ ስራሕ እውን እንተኾነ ንናይ ኔዘርላንድ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሕጋውያን ስምምዓት ከኽብሮምን ክትግብሮምን ኣለዎ። ከም በዓል፥ ን ዝተሓተ ደሞዝ፣ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ናይ ስራሕ ኩነታትን ዝምልከቱ ውዕላት። ከም ኡ'ውን cao ኣሎ እንተኾይኑ እዚ ንናይ ወጻኢ ሃገር ወሃቢ ስራሕ እውን ይምልከት እዩ። ንሓገዝን ንምኽርን ናብ ሕጋዊ ጉዳያት ናብ ቁጽሪ ስልኪ 0900-8020 ብምድዋል ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ወጻኢ ሃገር ወሃቢ ስራሕኩም ናብ ጉዳይ ቀረጽ ካብ ደሞዝኩም ዝቑረጽ ቀረጽ ክኸፍለልኩም ግድን እዩ።
ወሃቢ ስራሕኩም ነዚ ኣይገበሮን? እምበኣር እንተደኣ ካብ ስራሕ ወጺእኩም ናይ ሽቅለት ኣልቦ ገንዘብ (WW) ኣይክፈለኩምን እዩ። ወይ ድማ እንተደኣ ሓሚምኩም ኮይንኩም ናይ ግዜ ሕማም ደሞዝ ኣይክፈለኩምን እዩ። ነዚ ኣብ ጉዳይ ቀረጽ ክትቆጻጸርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ጉዳይ ቀረጽ ወጻኢ ሃገር ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 055 538 53 85 ደውሉ። ናትኩም ናይ Bsn-ቁጽሪ የድልየኩም እዩ። (BSN-nummer) ።

## ናይ ቀረጽ ምምልካት

ሰራሕተኛ እንተኾይንኩም ወይ ድማ ድጎማ (ኣውትከሪንግ) ትወስዱ እንተኾይንኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታትት ቀረጽ ክትከፍሉ ናይ ግድን እዩ።

- ጉዳይ ቀረጽ ክትከፍሉ እንተሓቲትኩም
- ኣንተደኣ ብዘይ ፍላጥ ናይ ጉዳይ ቀርጽ ሰሪሕኩም ገንዘብ የእቲኹም ኮይንኩም።
- እንተደኣ ዕቑር ሃብቲ ኣለኩም ኮይኑ።

ወናኒ ትካል ዲኹም? እምበኣር ኩሉ ግዜ ቀረጽ ክትከፍሉ ኣለኩም። እዚ ድማ ኣቐዲምካ ወይ ድማ ድሒርካ ክትከፍሎ ትኽእል ኢኻ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ Werken als zelfstandig ondernemer ዝብል ረኣዩ። እንተደኣ ወናኒ ትካል ኮይንኩም ዓመት ዓመት ናብ ክፍሊ ቐረጽ ከተመልክቱ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ክንደይ ከምዘእተኹም ትሕብሩ ማለት እዩ። ናይ ቐረጽ ምምልካት ኩሉ ግዜ ቅድሚ 1 ግንቦት ክግበር ኣለዎ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ ድማ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ።

## ካብ ስራሕ ወጺእኩም?

ምናልባት መሰል ናይ WW (ናይ ሽቕለት ኣልቦ ናይ ገንዘብ ሓገዝ) ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ነዚ ዝምልከቱ ሕግታት ድማ ኣለው፥

- ካብ ስራሕ መውጽኢ'ኹም ምኽንያት ብናትኩም ጌጋ ክከውን የብሉን
- ኣብ ዝሓለፉ 36 ሳምንታት እንተወሓደ 26 ሳምንታት ዝሰራሕኩም ክትኮኑ ኣለኩም።
- ካልእ ስራሕ ክትደልዩ ናይ ግድን እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ UWV (ድጎማ ዝህብ በዓል መዚ) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0900 92 94 (€0.04 ንደቒቕ መጀመሪ ዋጋ ድማ €0.045) ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ uwv.nl/partculieren/internationaal/werken-in-nederland ዝብል ረኣዩ።

## ሓሚምኩም ወይ ንስራሕ ዘይብቑዕ ኮይንኩም ኣለኹም?

### *ናይ ደሞዝ ክፍሊት*

ወሃቢ ስራሕኩም ደሞዝኩም ክኸፍለኩም ኣለዎ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ 70% ካብ ደሞዝኩም ይኸውን። መብዛሕትኡ ግዜ ናይተን መጀመርታ ክልተ መዓልታት ደሞዝ ኣይትኽፈሉን ኢኹም።

### *WIA (ንኻብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾኑ ዝወሃብ ድጎማ)*

ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ሓሚምኩም ኣለኹም? እምበኣር ጉዳይኩም ናብ WIA (ንኻብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾኑ ዝወሃብ ድጎማ) ይኸይድ ማለት እዩ። UWV (ድጎማ ዝህብ በዓል መዚ) ድማ ክንደይ ዝኣክል ስራሕ ክትሰርሑ ከምትኽእሉ ይርኢ። ወይ ድማ ገንዘባዊ ሓገዝ ክግበረልኩም ዘድሊ እንተ ኾይኑ የመዛዝን።

### *ሕግታት ኣብ ግዜ ሕማም*

ብመንገዲ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ዲኹም ትሰርሑ? ናይ ቀዋሚ ስራሕ ውዕል የብልኩምን? እምበኣር ብመሰረት ሕግታት ኣብ ግዜ ሕማም ገንዘባዊ ሓገዝ ይግበረልኩም እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕግታት ኣብ ግዜ ሕማምን ከምኡ ድማ ብዛዕባ WIA (ንካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾኑ ዝወሃብ ድጎማ) ኣብ uwv.nl ዝብል ረኣዩ።

### *ሕማምን ካብ ስራሕካ ምውጻእን*

ወሃቢ ስራሕኩም ብምኽንያት ምሕማምኩም ካብ ስራሕ ከውጻኩም ኣይፍቀዶን እዩ። እንትርፎ፥

- እንተደኣ ገና ኣብ ናይ ፈተና እዋን ኣሊኹም ኮይንኩም።
- እንተደኣ ን 2 ዓመት ዝኣክል ሓሚምኩም ኮይንኩም።
- እንተደኣ ብቕጥታ ካብ ስራሕ ተሶጊግኩም ኮይንኩም።

ምቕባል ድጎማ ን ኔዘርላንድ ገዲፍክሞ ክትወጹ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ንዓኹም ይምልከትን ኣይምልከትን ንምፍላጥ ድማ ን IND (ጉዳይ ስደትን ዜግነትን) ሕተቱ። ነዚ ንምግባር ናብ ሓደ ካቶም 8 IND ዝርከቡሎም ቦታታት ክትከዱ ኣለኩም። እዘን ቦታታት እዚኣተን ድማ፥ ኣምስተርዳም፣ ደን ቦሽ፣ ኣይንድሆቨን፣ ሆፍድዶርፕ፣ ሮተርዳም፣ ራይስቫይክ፣ ኡትረኽ ትን ዝቮለን እየን። ቆጻራ ንምሓዝ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 088 043 04 30 ደውሉ።
ወይ ድማ ኣብ ind.nl/organisatie/contact/adressen ዝብል ረኣዩ።

## እንታይ እዩ ስርሑማሕበር ሰራሕተኛታት?

ማሕበር ሰራሕተኛታት መሰላት ናይ ሰራሕተኛታት ክሕለዉ ምክትታል እዩ ስርሑ። ንኣብነት፥ ምስ ወሃቢ ስራሕኩም ናይ cao ውዕላት ምግባር። ብተወሳኺ ድማ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ይተሓጋገዘኩም፥

- ብዛዕባ cao ንዘለውኹም ሕቶታት
- ኣብ ምምላእ ናይ ቐረጽ ምምልካት
- ኣብ ግዜ ሽግራት ናይ ሕጊ ሓገዛት

ምናልባት ቅድሚ ሓገዝ ምቕባልኩም ናይ ግድን ኣባል ክትኮኑ ኣለኩም

ብዛዕባ ስራሕ ናይ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ ዶ?
ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፧
- FNV (ናይ ሰራሕተኛታት ምንቅስቓስ ፌደረሽን) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 088 368 03 68 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ fnv.nl/contact ዝብል ረኣዩ።
- CNV (ክርስትያናዊ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 030 751 10 01ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ cnv.nl ዝብል ረኣዩ።



ሓገዝ ኣብ ስራሕ ሽግር ምስዘጋጥም
- ደሞዝኩም ካብ'ቲ ሕጋዊ ዝተሓተ ድሞዝ ንታሕቲ ድዩ? ናብ ተቖጻጸርቲ SZW ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 51 51 ደውሉ።
- ደሞዝኩም ካብ'ቲ ናይ cao ውዕል ንታሕቲ ድዩ? ምስ ማሕበር ሰራሕተኛታት ተራኸቡ
- ብመንገዲ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ዲኹም ትሰርሑ? ደሞዝኩም ድማ ካብ'ቲ ናይ cao ውዕል ንታሕቲ ድዩ? ናብ SNCU (ትካል ተራድኦ ምኽባር ውዕል cao ንብመንገዲ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ዝሰርሑ) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 70 08 ደውሉ። ብተወሳኺ ድማ ምስ ማሕበር ሰራሕተኛታት እውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።
(እንታይ እዩ ስርሑ ማሕበር ሰራሕተኛታት?)
- ካብቲ ኣብ ናይ ስራሕኩም ኩነታት ዝተወዓዓልክሞ ወይ ድማ ካብ ናይ cao ውዕል ንላዕሊ ብዙሕ ግዜ ትሰርሑ ዲኹም? እምበኣር ናብ ተቖጻጸርቲ SZW ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 51 51 ደውሉ። ወይ ኣብ inspectieswz.nl ዝብል ረኣዩ።
- ድሕንነትኩም ከይተሓለወ (ሓደገኛ) ዝኾነ ስራሕ ትሰርሑዶ? እምበኣር ናብ ተቖጻጸርቲ SZW ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 51 51 ደውሉ።
- ወሃቢ ስራሕኩም ኣብ ልዕሌኹም ሃስያ ይፍጽም ዶ? ንኣብነት፧ ከቢድን ድሕንነትኩም ብግቡእ ዘይሓለወ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ምፍርራሕ፣ ካብ ግቡእ ንታሕቲ ደሞዝ ምኽፋል ወይ ምድንጋር? ወይ ወሃቢ ስራሕኩም ፓስፖርትኹም የሕድግ ኩም ዶ? እዚ ብዝበዛ ክኸውን ይኽእል እዩ። እምበኣር ንብዝበዛ ዝምልከት ናብ ተቖጻጸርቲ SZW ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 51 51 ደውሉ። ወይ ኣብ inspectieswz.nl ዝብል ረኣዩ። ወይ ድማ ስምኩም ከይጠቐስኩም ናብ ስምካ ከይጠቐስካ ንዓመጽ ምሕባር ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 70 00 ትድውሉ።
ንሓገዝ ምርካብ ናብ ማሕበር FairWork ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 020 760 08 09 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ነብስኻ ክኢልካ ከም ወናኒ ትካል ኮይንካ ምስራሕ

ነብስኹም ክኢልኩም ትካል ክትውንኑ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብዝምልከት ሕግታት ኣለዉ። ንባዕሉ ነብሱ ክኢሉ ዝሰርሕ ናይ መንበሪ ፍቓድ የድልየኩም እዩ። እዚ ብመንገዲ IND (ጉዳይ ስደትን ዜግነትን) እዩ ዝካየድ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ind.nl ዝብል ረኣዩ።
ከም ወናኒ ትካል ድማ ኣብ kvk (ክፍሊ ንግዲ) ክትምዝገቡ ኣለኩም። እዚ ናይ ግድን ቅድሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ምሕታትኩም ክትገብርዎ ኣለኩም።

*ኣብ ክፍሊ ንግዲ ምምዝጋብ*
ናይ ግድን ኣብ kvk (ክፍሊ ንግዲ) ክትምዝገቡ ኣለኩም። ነዚ ብዝምልከት ድማ ቆጸራ ክትገብሩ ኣለኩም። እዚ ምምዝጋብ ትካልኩም ምስ ጀመረ ኣብ መንጎ ሓደ ሰሙን ኣቐዲምኩምን ሓደ ሰሙን ድሒርኩምን ዘሎ ግዜ ክፍጸም ኣለዎ። ምስ ተመዝገብኩም ብቐጥታ ናይ btw-ቁጽሪ ይወሃበኩም እዩ። ስለ'ዚ ብፍላይ ንዕኡ ኢልኩም ናብ ጉዳይ ቐረጽ ምኻድ ኣየድልየኩምን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ kvk ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧
088 585 15 85 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ ድማ ምኽሪ እንተድል ይኩም ቆጸራ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ kvk.nl/english/starting-a-business/ ዝብል ድማ ረኣዩ። ኣብኡ ብቛንቋ ኢንግሊዘኛ ምዝገባ ናይ kvk ብኸመይ ከምዝካየድ ተጻሒፉ ይርከብ እዩ። ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከተውርድዎ (download) እውን ትኽእሉ ኢኹም።

*Ondernemersplein.nl ከምኡ ድማ startup.ondernemersplein.nl*
ኣብዚ ኩሎም ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ኔዘርላንድ ንምውናን ትካል ዝምልከቱ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፧ ቐረጻት ከመይ እዩም ዝሰርሑ? ኣየኖት ፍቓዳት እዮም ዘድልዩ? ናይ ትካል ውጥን ከመይ ጌርካ ተዳልዎ?

*ቐረጽ ንወነንቲ ትካል*
ናይ ቐረጽ ሕግታት ንወነንቲ ትካል ካብ ናይ ሰራሕተኛታት ወይ ካብ ናይ ድጎማ ዝወሰዱ ሰባት ዝተፈልየ እዩ። ገለ ኣብነታት፧
- እንተደኣ ነብስኹም ክኢልኩም ናትኩም ስራሕ ትሰርሑ ኮይንኩም btw (ናይ መሸጣ ቐረጽ) ክትከፍሉ ግድን እዩ። ሰራሕተኛ ግን ኣይከፍልን እዩ።
- እንተደኣ ንስኹም ኣብ ትሕቲ ካልእ ትካል ተቖጺርኩም ትሰርሑ ኮይንኩም እቲ ትካል ኣብ ልዕሊ ደሞዝኩም ቐረጽ ክኸፍል ኣለዎ።
- እዚ ትካል ንዓኹም ከም ነብስኹም ክኢልኩም ናትኩም ስራሕ ትሰርሑ ተኻር ይኩም ግን ምኽፋል ኣየድልዮን እዩ።

ነብስኹም ክኢልኩም ናትኩም ስራሕ ትሰርሑን ወላ'ውን ተቖጺርኩም ስርሑን ንኹሎም ትሰርሕዎም ስራሓት ንጉዳይ ቐረጽ ከተፍልጡዎ ኣለኩም። ንቐረጽ ምኽፈሊ ዝኸውን ኢልካ ገንዘብ ፈሊኻ ምቕማጥ ኣድላይነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ቐረጽ እንተዘይከፊልኩም መቕጻዕቲ ይግበረልኩም እዩ። እቐዲምኩም እውን ቐረጽ ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኹሉ ብሓንሳብ ዘይኮነስ ወርሓዊ ገለ ክፋል ክፍሊት ክትገብሩ ይከኣል እዩ። ነዚ ዝምልከት ግዝያዊ ናይ ቐረጽ ስልዒት ክትሓቱ ኣለኩም። ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ ድማ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ። ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፧ 0800 05 43 እውን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

*ሕማምን ሸቕለት ኣልቦነትን*
ነብስኹም ክኢልኩም ናትኩም ስራሕ ትሰርሑ እንተኾይንኩም እሞ እንተ ሓሚምኩም ደሞዝ የብልኩምን። ስራሕ እንተዘይብልኩም ናይ WW ድጎማ እውን ኣይግበረልኩምን እዩ።

**ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልየኩም ዶ?**

✗ ኣየድልን'ዩ፥ እንተደኣ ዜጋ ናይ ሓንቲ ካብዘን ሃገራት እንተ ኾይንኩም፥

- ኤውሮጳዊ ሕብረት
- ሊኽተንስታይን
- ነርወይ
- ኣይስላንድ
- ስዊዘርላንድ

✓ የድል'ዩ፥ ናይ ክሮኣስያ ዜግነት ዘለኩም እንተ ኾይንኩም።

✓ የድል'ዩ፥ ናይ ካልእ ሃገር ዜግነት ዘለኩም እንተ ኾይንኩም። ንኣብነት፥ ኣብ ኣፍሪቃ ወይ ድማ ኣብ ኤስያ እትርከብ ሃገር። ነዚ ድማ ወሃቢ ስራሕኩም ካብ UWV ክሓተልኩም ኣለዎ። ወይ ድማ GVVA ካብ IND (ጉዳይ ስደትን ዜግነትን) ክሓተልኩም ኣለዎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ werk.nl/werkvergunning ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ናብ UWV ናብ ቑጽሪ ስልኪ 088 898 20 70 ደውሉ።



# ምንባር ኣብ ኔዘርላንድ

## ናብ'ዚ ክትነብሩ እንተመጺእኹም እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?

## ናይ መንነት ወረቐትኩም ኩሉ ግዜ ምሳኹም ሓዝዎ

ከም ናይ መንነት መረጋገጺ ተቐባልነት ዘለዎም ሰነዳት፥
- ፓስፖርት
- ናይ ኔዘርላንድ ናይ ወጻእተኛታት ፓስፖርት
- ናይ ኔዘርላንድ ናይ ወጻእተኛታት ሰነድ (ናይ መንበሪ ፍቓድ)
- ናይ ወጻእተኛታት ጉዳያት ናይ መረጋገጺ ወረቐት ክሳብ ንናይ ዑቕባ ሕቶኹም

ዝምልከት ውሳኔ ዝወሃብ።
ናይ መንነት መረጋገጺ ወረቐትኩም ኩሉ ግዜ ምሳኹም ክህልው ኣለዎ። ግን ኩሉ ሰብ ክሓተኩም መሰል የብሉን።

### መዓስ ኢኹም ናይ መንነት መረጋገጺ ወረቐትኩም ከተርእዩ ዘለኩም?

- ኣብ ጎደና። ፖሊስ ወይ ድማ BOA (ፍሉይ ናይ ዳህሰሳ በዓል ስልጣን) ጥራሕ ምስዝሓቱኹም።
- ኣብ ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ። እንተደኣ ናይ መጓዓዝያ ተቖጻጻራይ ወይ ዘዋራይ ሓቲትኩም።
- ኣብ ዱኳናት ኣብ ባንክታትን ካልኦት ህዝባዊ ህንጻታትን። እንተደኣ እቲ ዋርድያ ሓቲትኩም።
- ኣብ ስራሕኩም። ወሃቢ ስራሕኩም፣ ተቆጻጸሪ ናይ SZW ወይ ድማ ተቖጻጻራይ ናይ ቐረጽ ጉዳይ ሓቲቶምኹም። ወሃቢ ስራሕኩም ኩሉ ግዜ ቕዳሕ ናይ መንነት መረጋገጺ ወረቐትኩም ይሕዝ እዩ።

ንዝኾነ ናይ መንነት መረጋገጺ ወረቐትኩም ዝሓተኩም ሰብ መን ከምዝኾነ ከርእየኩም መረጋገጺ ክትሓትዎ እውን ትኽእሉ ኢኹም።
ናይ መንነት መረጋገጺ ወረቐትኩም ብፍጹም ንማንም ሰብ ከይትህቡ።

## DigiD (ኣሃዛዊ መንነት)

DigiD ኣብ ኔዘርላንድ ንብዙሕ ነገራት የድልየኩም እዩ። DigiD ብምጥቃም ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መንግስቲ ወይ ናይ ጥዕና ክንክን ወሃብቲ ትካላት ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ድማ ናይ ቐረጽ ምምልካት ክትገብሩ ትኽእሉ። ንናይ ክራይ ገዛ ተወሳኺ ክፍሊት ክትሓቱ ትኽእሉ። ምስ ሕክምና ቆጸራ ትገብሩ። ንናይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዝምልከቱ ቐረጻት ምሕረት ክግበረልኩም ድማ ትሓቱ። DigiD ክትሓቱ ትኽእሉ ነባሪ ናይ ኔዘርላንድ ወይ ተቐማጢ ምስትኾኑ ጥራሕ እዩ። ናትኩም DigiD ካብ digid.nl/aanvragen ኢኹም ትሓትዎ። ነዚ ድማ ናይ Bsn-ቁጽሪ (ናይ ዜግነት ኣገልግሎት ቁጽሪ) የድልየኩም እዩ። ኣብ BSN-nummer ዝብል ረኣዩ።

## መንበሪ ቤት ምርካብ

መብዛሕትኦም ናብ ኔዘርላንድ ክሰርሑ ኢሎም ዝመጹ ሰባት መንበሪ ቤት ወይ ድማ ክፍሊ ይካረዩ እዮም።

### ብመንገዲ ወሃቢ ስራሕኩም ወይ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ምክራይ

ንኹሎም ሕግታት ጽቡቕ ጌርኩም ኣጽንዕዎም። ንኣብነት፥ ናይ ቤት ክራይ ካብ ደሞዝኩም ድዩ ዝኽፈል? እምበኣር ካልኦት ተወሰኽቲ ክፍሊታት ድማ መን ከምዝኽፍሎም ተወዓዓሉ። ከም በዓል ናይ ጋዝ፣ ኤሌክትሪክን ማይን ዝኣመሰሉ ክፍሊታት።

### ካብ ማሕበር ኣባይቲ ምክራይ

ኣብ ማሕበር ኣባይቲ ክትምዝገቡ ኣለኩም። ኣብ ናይ ምምሕዳርኩም ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ዝርዝር ኣስማት ናይ ኣብ ምምሕዳርኩም ዝርከባ ማሕበር ኣባይቲ ትረኽቡ ኢኹም። እንተደኣ መንበሪ ቤት ነጻ ሃልዩ ኾይኑ ድማ መልእኽቲ ይመጻኩም እዩ። ዋጋ ኽራይ ነፍስ-ወከፍ ዓመት እዩ ዝውሰኽ። ነዚ ብዝምልከት ድማ ሕጋዊ ናይ ነጥብታት ስርዓት ኣሎ። ብኸምዚ ድማ ዋጋ ናይ ክራይኩም ትኽክል ከምምኳኑ ክትቆጻጸሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/huurwoning ዝብል ድማ ረኣዩ። ወይ ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 1400 ወይ +31 77 465 67 67 ደውሉ።

### ናይ ክራይ ተወሳኺ ክፍሊት

ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ክራይ ተወሳኺ ሓገዝ ክትቅበሉ መሰል ኣለኩም። መታን ናይ ቤት ክራይኩም ብቐሊሉ ክትከፍሉ ክትክእሉ ድማ ወርሓዊ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ይወሃበኩም። እዚ ናይ ክራይ ተወሳኺ ሓገዝ ካብ ናይ ቐረጽ ጉዳይ ኢኹም ትሓትዎ። ንዝያዳ ኣብ Toeslagen en vergoedingen ዝብል ረኣዩ።

### ካብ ናይ ግሊ ኣባይቲ ምክራይ

ማሕበር ኣባይቲ መብዛሕትኡ ግዜ ብቐጥታ ነጻ ዝኾነ ኣባይቲ የብሎምን። እንተደኣ ትጽቢት ነዊሕኩም ካብ ናይ ግሊ እውን ቤት ክትካረዩ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ ናይ ግሊ ምክራይ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ዝኸበረ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ክራይ ተወሳኺ ክፍሊት ክትቅበሉ መሰል ኣለኩም። ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ናይ ግሊ ክትካረዩ ከለኹም እቲ ዋጋ ንኹሉ ዘጠቓለለ እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ክራይ ገዛ ምስ ጋዝ፣ ኤለክትሪክን ማይን ሓዊስካ እዩ። ካልኦት ናይ መንበሪ ዋጋታት ከም በዓል ኢንተርነትን ናይ ቤት ኢንሹራንስን ባዕልኹም ብላዕሊ ክትከፍልዎም ኣለኩም።

### ምስ ካልኦት ወጻእተኛታት ምንባር

ኣብ መዓስከር፣ ኣብ ናይ ዕረፍቲ መናፈሻ፣ ኣብ ሆቴል ወይ ኣብ ፍሉይ ናይ ወጻእተኛታት ኣንዳ ኣጋይሽ ዲኹም ትቕመጡ? ነዚኦም ዝምልከቱ ፍሉያት ሕግታት ኣለዉ። ኩሎም ምምሕዳራት ድማ ነናቶም ዝተፈላለዩ ሕግታት ኣለውዎም። ስለ'ዚ ድማ ነዚ ብዝምልከት ካብ ምሕዳርኩም ሓበሬታ ክትሓቱ ኣለኩም።

### እድራሻኹም ንምምሕዳር ክትህቡ ኣለኩም

እንተደኣ ቤት ኣለኩም ኮይኑ እድራሻኹም ንምምሕዳር ክትህቡ ኣለኩም። ክትግዕዙ ዲኹም? ኣብ gaat u verhuizen? ዝብል ኣንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ከተንብቡ ኢኹም።

### ቤት ምግዛእ

ናይ ባዕልኩም ቤት እውን ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። እኹል ገንዘብ የብልኩምን? ክትልቅሑ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚኦም ዝምልከቱ ሕግታት ግን ጽኑዓት እዮም። ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/huurwoning ዝብል ረኣዩ። ወይ ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 1400 ወይ +31 77 465 67 67 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ንናይ ቤት ለቃሕ ትኸፍልዎ ወለድ ድማ ካብ ናይ ኣታዊኹም ቀረጽ ክሰሓብ ይኽእል እዩ። እንተደኣ ዝገዛእክሞ ቤት ኣለኩም ኮይኑ ተወሳኺ ቀረጽ እውን ትኸፍሉ ኢኹም። እዚ ድማ ናይ ግሊ ቤት ግብሪ ተባሂሉ እጽዋዕ።ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ።

### ናይ ከባቢ ቐረጻት እንተደኣ ናይ ባዕልኹም ቤት ኣለኩም ኮይኑ

ዝተኻረኽሞ ወይስ ዝገዛእክሞ ቤት እዩ ዘለኩም? እምበኣር ናይ ከባቢ ቐረጻት ክትከፍሉ ኣለኩም።
- ናይ ፉኛቱራታት መእለዪ
- ናይ ጎሓፉት መእለዪ
- ናይ ዘይንቀሳቐሱ ጉዳይ ቀረጽ
- ናይ ማያት ቀረጽ

ናይ ከባቢ ቐረጻት ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ዝተፈላለየ እዩ። ንምምሕዳርኩም ክንደይ ክትኸፍሉ ከምዘለኩም ሕተቱ ኢኹም።

**ናይ መንባሪ ቤት ሽግር**
ዋጋ ክራይኩም ክቡር ድዩ? ኣብ huurcommissie.nl ዝብል ረኣዩ። ኣብኡ ዋጋ ክራይኩም ማዕረ ክንደይ ክኸውን ከምዘለዎ ሰፊሩ ይርከብ። ከምኡ ድማ ብዛዕባ ከም ተኸራያይ መጠን ዘለውኹም መሰላት ተጻሒፎም ኣለዉ። ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 1400 ወይ +31 77 465 67 67 እውን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ቤትኩም ውሑስ ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ቤት ወይ ክፍሊ ምስ ብዙሓት ዲኹም ትነብሩ ዘለኹም? ምስ ኣካራይይ ግርጭት ኣለኩም? እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓቱ ኣለኩም። ቆጸራ ንምሓዝ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0900 80 20 ደውሉ ወይ ኣብ juridischloket.nl/wonen/huurwoning ዝብል ረኣዩ።

*ጎሓፍ*
ብዙሓት ሰባት ንጎሓፎም ብምፍልላይ ይእክብዎም እዮም። እዚ ማለት ድማ ኩሎም ፈላሊኹም ከተረክብዎም ማለት እዩ። ጥርሙስ፣ ወረቐት፣ ናይ ገዛ ጎሓፍ፣ ፕላስቲክን። እንተደኣ ሕጊ ዘየኽበርኩም ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይግበረልኩም እዩ። ስለ'ዚ ድማ ንምምሕዳርኩም እቶም ሕግታት እንታይ ከምዝኾኑ ክትሓት ዎም ኣለኩም።

## መኪና ምምራሕ ኣብ ኔዘርላንድ

*እቲ ትኽክል ናይ ምኪና መምርሒ ፍቓድ*
ኣብ ኔዘርላንድ ክትነብሩ ከለኹም መኪና ክትመርሑ ትደልዩ ዲኹም? እምበኣር ትኽክል ዝኾነ ናይ መኪና መምርሒ ፍቓድ የድልየኩም እዩ። ካብ ሃገርኩም ዘምጻእክሞ ናይ መኪና መምርሒ ፍቓድ ኣብ`ዚ ኣይሰርሕን እዩ። ስለ`ዚ ከም ብሓድሽ ናይ መኪና መምርሒ ፍቓድ ከተውጽኡ ኣለኩም። እዚ ናይ ግድን ብመንገዲ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ክኸውን ኣለዎ። ብመንገዲ rijschoolgegevens.nl ናይ ምምራሕ መኪና ቤት ትምህርትታት ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ RDW (ናይ መንገዲ ተራፊክ ናይ መንግስቲ ጉዳያት) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0900 07 39 (€ 0,10 ንደቒቕ) ደውሉ። ኣብ rdw.nl/englishinformation ዝብል ረኣዩ።

*መኪና ምግዛእ*
ኣብ ኔዘርላንድ መኪና እንተገዚእኩም ብቐጥታ
- ናይ መኪና መድሕን (ኢንሹራንስ) ክትኣትዉ ኣለኩም።
- Mrb (ናይ ሞተር ተሽከርከርቲ ቀረጽ) ክትከፍሉ ኣለኩም።

እንተደኣ ንመኪናኹም ኢንሹራንስ ዘይኣቲኹምላ ወይ Mrb ዘይከፈልኩም ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይግበረልኩም እዩ።
ኣብ rdw.nl/information-in-english ኣብ ኔዘርላንድ መኪና እንተገዚእኩም ኣብ ምንታይ ኽትጥንቀቑ ከምዘለኩም ተጻሒፉ ይርከብ።
ብዛዕባ Mrb ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 07 49 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/deutsch ወይ belastingdienst.nl/english ዝብል ረኣዩ።

*ናይ APK ምርመራ*
መካይን ብዛዕባ ድሕነትን ከምኡ ድማ ምብካል ከባብን ክምርመራ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ከክንደይ ግዜ ይምርመራ ዝውስኖ ዕድም ናይ`ታ መኪና፣ ክብደታን ትጥቀመሉ ዓይነት ነዳድን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ RDW (ናይ መንገዲ ተራፊክ ናይ መንግስቲ ጉዳያት) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0900 07 39 (€ 0,10 ንደቒቕ) ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ rdw.nl/englishinformation ዝብል ረኣዩ።

*ካብ mrb ነጻ ምኻን*
ሓደ ሓደ ግዜ mrb ናይ ሞተር ተሽከርከርቲ ቀረጽ ክትከፍሉ ኣየድልየኩ ምን እዩ። ንኣብነት ኣብ ናይ ወጻኢ ሃገር ትካል ትሰርሑ እንተኾይንኩም። ነዚ ዝምልከት ድማ ባዕልኹም ክትሓቱ ኣለኩም። ነዚ ዝምልከት ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 07 49 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/deutch ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ዝብል ረኣዩ።

## ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ኔዘርላንድ

ነዚ ዝኸውን ov-chipkaart (ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝምላእ ካርድ) የድልየኩም እዩ። ነዚ ኣብ ናይ ባቡር ጣብያታት፣ ኣብ ድኳናት ወይ ድማ ኣብ ሽጋራታት ዝሸየጠሉ ቦታ ክትገዝእዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ov-chipkaart.nl ዝብል ረኣዩ።

## ቆልዑት

ንደቅኹም ኣብ ምምሕዳርን ኣብ ቤት ትምህርትን ከተመዝግብዎ ኣለኩም።

*ቤት ትምህርትን ናይ ምምሃር ግዴታን ንኻብ 5 ክሳብ 18 ዝዕድሜኦም ቆልዑት*
ኣብ ኔዘርላንድ ቆልዑት ካብ 4 ዓመት ጀሚሮም ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። ካብ 5 ዓመት ጀሚሮም ድማ ናይ ምምሃር ግዴታ ኣለዎም። እዚ ድማ ክሳብ ዕድሚኣኦም 18 ዓመት ዝኣክል ይቕጽል። 13 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሜኦም ቆልዑት መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ እዮም። ንኣብነት፥ vmbo፣ havo ወይ vwo። መባእታዊ ትምህርቲ ባዕልኹም ኢኹም ትደልዩ። ነዚ ዝኸውን ድማ ናይ ሓበሬታ መጽሄታት ኣለዉ። ኣዚ ብቛንቋ ኔዘርላንደኛ ጥራሕ እዩ ዝርከብ። ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/basisonderwijs ዝብል ረኣዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ምምሕዳርኩም እውን ሓበሬታ ብዛዕባ ምምራጽ መባእታዊ ትምህርቲ ይህበኩም እዩ። ኣብ ምምሕዳርኩም ዘለዋ ናይ መባእታ ቤት ትምህርትታት ናብ scholenopdekaart.nl ብምኻድ ከተወዳድርወን ትኽእሉ ኢኹም። ናብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ኬድኩም ክትርእዩ እውን ይከኣል እዩ። ግን ኣቐዲምኩም ምስ'ቲ ቤት ትምሕርቲ ቆጸራ ምግባር የድልየኩም እዩ። ወይ ድማ ኣብ ምምሕዳርኩም። ናብ መንግስቲ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 1400 ወይ +31 77 465 67 67 ክትድውሉ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/leerplicht ከምኡ'ውን rijksoverheid.nl/onderwerpen/basisonderwijs ዝብል ረኣዩ።

*መዋእለ ህጻናት*
ኣብ ኔዘርላንድ ብዙሓት ቆልዑት ንኽውዕሉ ናብ ናይ ቆልዑት ማእከል ወይ ድማ ናብ ናይ ቆልዑት መጻወቲ ቦታ ይኸዱ እዮም። ነዚ መውዓሊ ቆልዑት ድማ ገንዘብ ትኸፍለሉ ኢኻ።
ኣርባዕተ ተኽእሎታት ድማ ኣለዉ፥
- ናይ ቆልዑት ማእከል፣ ናይ ቀትሪ መውዓሊ፥ ንዕድሚኦም ካብ 0 ክሳብ 4 ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑት።
- ናይ ቆልዑት ማእከል፣ ብድሕሪ ትምህርቲ መውዓሊ፥ ንዕድሚኦም ካብ 4 ክሳብ 12 ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑት።
- ቖልዑት ዘጽንሑልካ፥ ንዕድሚኦም ካብ 0 ክሳብ 12 ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑት።
- ናይ ቆልዑት መጻወቲ ቦታ፥ ንዕድሚኦም ካብ 2 ክሳብ 4 ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑት።

### ንናይ ቋንቋ ትምህርቲ ተወሳኺ እቓልቦ
ብዙሓት ናይ ቆልዑት ማእከላትን ናይ ቆልዑት መጻወቲ ቦታታትን ንናይ ኔዘርላ ንደኛ ቋንቋ ትምህርቲ ተወሳኺ እቓልቦ ይገብራሉ እየን። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ምምሕዳርኩም ሕተቱ።

### ን ናይ ቆልዑት መውዓሊ ተወሳኺ ክፍሊት
ውላድኩም ናብ ብሕጊ ዝተመዝገበ ናይ ቆልዑት ማእከል እኸይድ ድዩ? ወይ ድማ ናብ ብሕጊ ዝተመዝገበ ናይ ቆልዑት መጽንሒ እኸይድ ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ተወሳኺ ክፍሊት ንናይ ቆልዑት መውዓሊ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ድማ ንዓኹም ን ናይ ቆልዑት መውዓሊ ክትከፍሉ ይቐለልኩም። ኣስተውዕሉ፥ ተወሳኺ ክፍሊት ንናይ ቆልዑት መውዓሊ ዝከኣል ብምኽንያት ስራሕ ኣብ ቤት ወለሓደ ሰብ ምስ ዘይህሉ ጥራሕ እዩ ዝኸውን። ነዚ ተወሳኺ ክፍሊት ብመንገዲ ናይ ቀረጽ ጉዳያት ካብ (Toeslagen en vergoedingen) ኢኹም ትሓትዎ። ኣብ toeslagen.nl ንተወሳኺ ሓገዝ ንናይ ቆልዑት መውዓሊ ክፍቀደልኩም ከተማልእዎም ዘለኩም ነገራት ተዘርዚሮም ኣለው። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ኣብ landelijkregisterkinderopvang.nl ወይ ድማ ኣብ rijksoverheid.nl/onderwerpen/kinderopvang ዝብል ረኣዩ።

### ንቖልዑት ክሳብ 4 ዓመት ዝዕድሜኦም ናይ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት
ኣብ ናይ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ሓካይምን ነርሳትን ይሰርሑ። እዚኣቶም ዕድሚኦም ክሳብ 4 ዓመት ናይ ዝበጽሑ ቆልዑት ብዛዕባ ጥዕኖኦምን ምዕባሌታቶምን ኩሉ ዝፈልጡ እዮም። ናብ ናይ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ምኻድ ብነጻ እዩ። እንተደኣ ውላድኩም ኣብ ምምሕዳር ተመዝጊቡ ኾይኑ ካብ ናይ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብቐጥታ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ክመጻኩም እዩ። ብድሕሪኡ ባዕልኹም ቆጸራ ትሕዙ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንምምሕዳርኩም ሕተቱ። ናብ GGD ድማ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣድራሻታት ንምርካብ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 030 252 30 04 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣድራሻ ናይ GGD ኣብ ggd.nl/contact ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ናይ ቤት ትምህርቲ ሓካይምን ነርሳትን ንዕድሚኦም ክሳብ 19 ዓመት ዝብጽሕ ቆልዑት
ነፍስ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ምስ ናይ CJG (ማእከል ናይ ቆልዑትን ቤተሰባትን) ናይ ቤት ትምህርቲ ሓካይምን ነርሳትን ብምትሕብባር ይሰርሕ። እዚኣቶም ኣብ ዝዝተወሰኑ ዓመታት ኩነታት ጥዕናን ምዕባሌታትን ናይ ነፍስ-ወከፍ ተመሃራይ ናይ’ቲ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ይኸይድ እንተሎ ይርእዩ። እዚ ብነጻ እዩ። ውላድኩም ነዚ ዝምልከት ብመንገዲ ቤት ትምህርቱ ዕድመ ይግበረሉ እዩ። ንሓንሳብ ሓንሳብ እዚ ዝግበር ኣብ ቤት ትምህርቲ እዩ። ናብ’ዚ ቖጸራ ምስ ውላድኩም ብሓንሳብ ክትከዱ ድማ ጠቓሚ ይኸውን።

### ናይ መንግስቲ መደብ ክታበት ንዕድሚኦም ክሳብ 19 ዓመት ዝብጽሕ ቆልዑት
ናይ መንግስቲ መደብ ክታበት ኣብ ኔዘርላንድ ንቆልዑት ካብ 12 ሓደገኛ ዝኾኑ ተማሓላለፍቲ ሕማማት ይከላኸለሎም። ንኣብነት፥ ፍሮማይ፣ ንፍዮን ቲኽቲኽታን። ክትባት ብግዴታ ኣይኮነን መብዛሕትኦም ወለዲ (ካብ 95% ንላዕሊ) ግን ምርጨኦም እዩ።
ውላድኩም ብመንገዲ ሓኪምኩም ጌርኩም ከተኽትብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ ናይ ምኽሪ ቤትጽሕፈት ከተኽትብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚኣቶም ጥራሕ እዩ ብነጻ ዝግበር።
ኣብ rijksvaccinatieprogramma.nl ወይ rivm.nl/en ዝብል ረኣዩ።

### ንኣተዓባብያ ዝምልከቱ ሓገዛት
ኣብ መብዛሕተአን ምምሕዳራት CJG (ማእከል ናይ ቆልዑትን ቤተሰባትን) ኣሎ። ኣብዚ ኩሎም ብዛዕባ ጥዕና፣ ዕቤትን ኣተዓባብያን ናይ ቆልዑት ዝምልከቱ ንዘለውኹም ሕቶታት ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምሳኹም ዝኸይድ ምኽርን ምድግጋፍን ሓገዝን ድማ ይወሃበኩም። CJG ናይ ቤት ትምህርቲ ሓካይምን ነርሳትን ከምዝ ህልዉ እውን ይገብር እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ opvoeden.nl ዝብል ተወከሱ።

## ናይ ሕክምና ውሕስነት (ኢንሹራንስ)

ውሕስነት ንናይ ሕክምና ወጻኢታት (ኢንሹራንስ) ብግዴታ እዩ። ነዚ ንምግባር ናብ ናይ ክንክን ጥዕና ዋሕስ ዝህብ ትካል ትኸዱ። ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣለውዎ።
- መሰራታዊ ዝኾነ ውሕስነት። እዚ ብግዴታ እዩ
- ተወሰኽቲ ነገራት ዘለውዎ ውሕስነት። እዚ ብድሌት እዩ።
- ናይ ስኒ ሓኪም ውሕስነት። እዚ ብድሌት እዩ።

> **ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ኣይኣተኹምን?**
> እምበኣር ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክግበረልኩም እዩ። ንኹሎም እትገብርዎም ናይ ሕክምና ወጻኢታት ድማ ባዕልኹም ክትከፍልዎም ኣለኹም። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ መስመር ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥
> 800 646 46 44 ወይ +31 88 900 69 60 ደውሉ። ወይ ኣብ zorgverzekeringslijn.nl/coming-from-abroad ዝብል ረኣዩ።

### ክፍሊት ንናይ ሕክምና ኢንሹራንስ
እቲ ክፍሊት ካብ ትካላት ናብ ትካላት ወሃብቲ ናይ ውሕስነት ይፈላለይ እዩ። ነዚ ባዕልኹም ክትከፍልዎ ኣለኩም። ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ክንክን ጥዕና ተወሳኺ ክፍሊት ይወሃበኩም እዩ። ብኸምዚ ድማ ክፍሊትኩም ብቐሊሉ ክትገብሩ ትኽእሉ ማለት እዩ። ነዚ ዝምልከት ኣብ Toeslagen en vergoedingen ዝብል ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቅኹም ናይ ነጻ ውሕስነት እዩ ዘለዎም፣

### ባዕልኹም እትኸፍልዎ ክፍሊት
ኩሎም ናይ ሕክምና ኢንሹራንሳት ዝወሓዳ ባዕልኻ እትኸፍሎም መጠን ገንዘብ ናይ ግድን ኣለዎም። ኣብ 2016 እዚ መጠን ገንዘብ €385 እዩ። ዝለዓለ ባዕልኹም እትኸፍልዎ መጠን ገንዘብ እውን ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ሽዑ እቲ በብግዜኡ ትኸፍልዎ ክፍሊት ድማ ዝተሓተ ይኸውን። ኣብ ብዙሓት ወሃብቲ ውሕስነት ክፍሊት ኩሉ ብሓንሳብ ዘይኮነ በብግዚኡ ክትከፍልዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብዞም ዝሰዕቡ ኩነታት ናይ ባዕልኹም ክፍሊት የድልይ እዩ። እንተደኣ፥

- ኣፋውስ ወሲድኩም
- ናብ ሆስፒታል ኬድኩም
- ደም ተወሲድልኩም

ኣብዞም ዝሰዕቡ ኩነታት ናይ ባዕልኹም ክፍሊት ኣየድልን እዩ። እንተደኣ፥

- ናብ ሓኪምኩም ኬድኩም
- ካብ ክፍሊ መውልዳን ናይ ሕርሲ ክንክን ኣድልይኩም ኮይኑ
- ናይ ሕክምና ክንክን ንዝኾነ ሓዳሪ ሕማም ዘድልየኩም እንተኾይኑ
- ናይ ከባቢ ነርስ ዘድልየኩም እንተኾይኑ
- ፊስዮተራፒ ዘድልየኩም እንተኾይኑ። ብድሕሪ 22 ግዜ ናብ ፊስዮተራፒ ምካድ ግን ናይ ባዕልኹም ክፍሊት የድልይ እዩ።

ን ኽሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቅኹም ድማ እዚ ናይ ባዕልካ ክፍሊት ኣይምልከቶምን እዩ።

እዚ ባዕልኹም ክትኽፍልዎ ዘለኩም ኣይከፈልክሞን? እምበኣር ተወሰኽቲ ክፍሊታት ክመጸኩም ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ መስመር ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 646 46 44 ወይ +31 88 900 69 60 ደውሉ። ወይ ኣብ zorgverzekeringslijn.nl/coming-from-abroad ዝብል ረኣዩ።

*ናይ ወጻኢ ሃገር ወሃቢ ስራሕ ድዩ ዘለኩም?*

እምበኣር ናይ ሃገርኩም ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ዝምልከቱ ሕግታት ድማ ኣለው። ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ SVB (ማሕበራዊ ውሕስነት ባንኪ) ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 020 656 52 77 ደውሉ። ወይ ኣብ svb.nl ዝብል ረኣዩ። ኣብኡ ሓበሬታ ብቛንቛታት እንግሊዘኛ፣ ጀርመነኛ፣ ፈረንሰኛ, ስፓኒሽን ቱርኺኛን ይርከብ እዩ።

*ብመንገዲ ወሃቢ ስራሕኩም*

ሓደ ሓደ ግዜ ብመንገዲ ወሃቢ ስራሕኩም ንናይ ሕክምና ወጻኢታት ኢንሹራንስ ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ እኩብ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ'ቲ ባዕልኹም ትኣትውዎ ኢንሹራንስ ዝሓሰረ እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንወሃቢ ስራሕኩም ሕተቱ።

ኣብ zorgverzekeringslijn.nl ዝብል ድማ ረኣዩ። ኣብኡ ሓበሬታ ብቛንቛታት ፖላንደኛ፣ ስፓኒሽ፣ ፈረንሰኛ፣ እንግሊዘኛ ከምኡ ድማ ጀርመነኛ ይርከብ እዩ።

*ንናይ ክንክን ጥዕና ተወሳኺ ክፍሊት*

ትሑት ኣታዊ ድዩ ዘለኩም? እምበኣር ምናልባት ንናይ ክንክን ጥዕና ዝኸውን ተወሳኺ ክፍሊት ክትወሃቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ድማ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስኩም ብቐሊሉ ክትከፍልዎ ትኽእሉ። ኣብ Toeslagen en vergoedingen ዝብል ረኣዩ።

## ሕክምናዊ ክንክን

ኣብ ኔዘርላንድ ሕክምናዊ ክንክን ብነጻ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም ክንክናት ግን ብመንገዲ ውሕስነት ናይ ሕክምና (ኢንሹራንስ) ይኽፈሉ እዮም።

- መሰረታዊ ክንክን። ንኣብነት፥ ናይ ገዛ ሓኪምኩም፣ ሓኪም ስኒ፣ ወይ ፍዝዮተራፒ። ነዚ ዝምልከት ባዕልኩም ቀጸራ ኽትሕዙ ኣለኩም።
- ብፍሉያት ክኢላታት ዝግበር ክንክን። ንኣብነት፥ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም፣ ናይ ማህጸን ሓኪም፣ KNO (ናይ ጎሮሮ፣ ኣፍንጫን እዝኒን ሓኪም) ነዚ ዝምልከት ካብ ሓኪም ስኒ ወይ ናይ ገዛ ሓኪምኩም ናይ መመሓላለፊ መሰነይታ ደብዳቤ የድልየኩም እዩ።
- ኣብ ሆስፒታል ናይ ህጹጽ ረድኤት። ንኣብነት፥ እንተደኣ ኢድኩም ተሴርኩም ወይ ሃንደበት ልብኹም ኣጸቢቕኩም ሓሚምኩም። ናይ ህጹጽ ረድኤት ቁጽሪ ስልኪ 112 እዩ። እዚ ንፖሊስ፣ ንመጥፋእቲ ሓውን ኣምቡላንስን እዩ።

*ናይ ገዛ ሓኪምኩም ድለዩ*

ብኸምዚ ኩሉ ግዜ ንዓኹም ዝኸውን ሓኪም ከምዘለኩም ተረጋግጹ። ከምኡ ድማ ኣብ ሰዓታት ናይ ምሸትን ኣብ ቀዳመ ሰንበትን። ናብ ናይ ገዛ ሓኪምኩም እንተደዊልኩም ንሱ ድማ ቁጽሪ ስልኪ ናይ'ቲ ዝትክኦ ሓኪም ወይ ናይ ሓካይም ነቑጣ ይህበኩም እዩ።

*ንህጹጽ ረድኤት ዘይኮነስ ንኻልኦት ጥርዓናት ናብ ሆስፒታል ምኻድ።*

እንተደኣ ጥርዓንኩም ህጹጽ ረድኤት ዘየድልዮ ክነሱ ብቐጥታ ናብ ሆስፒታል ኬድኩም? እምበኣር ንዝተገበረልኩም ሓገዛት ካብ'ቲ ባዕልኹም ክትከፍልዎ ዘለኩም ክትከፍሉ ኣለኩም። ሓደ ሓደ ግዜ እውን ነቶም ናይ ክንክን ወጻኢታት ባዕልኹም ክትከፍልዎም ኣለኩም። ጥርዓንኩም ህጹጽ ረድኤት የድልዮ እዩ ኢልኩም ተጠራጢርኩም ኣለኹም?
እምበኣር ንናይ ገዛ ሓኪምኩም ወይ ናይ ሓካይም ነቑጣ ብምድዋል ምኽሪ ሕተቱ።

*ማሕበራዊ ክንክን*

ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ተሓጋጋዛይ ብዛዕባ ምንባር፣ ጥዕናን ትምህርትን ንዘለውኹም ሕቶታት ክተሓባበረኩም ይኽእል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንምምሕዳርኩም ሕተቱ።

## ቀረጻት

እንተደኣ ኣብ ኔዘርላንድ ተቖሚጥኩምን ሰሪሕኩምን ን ናይ ቀረጽ ጉዳይ ቀረጽ ክትከፍሉ ኣለኩም። ናይ ከባቢ ቀረጽ ድማ ክትከፍሉ ኣለኩም። ንምምሕዳርኩምን ማያዊ ጉዳያት ንዝከታተሉ ውድባት ክትከፍሉ ኣለኩም።

*ኣብ ኔዘርላንድ እንተደኣ ተቐሚጥኩም ዘለዉ ዓይነት ቀረጻት*

- ናይ ኣታዊታት ቀረጽ፥ እንተደኣ ደሞዝ ወይ ድጎማ ተቐቢልኩም (ናይ ቀረጽ ምምልካት)።
- ናይ መሸጣ ቀረጽ ወይ btw: እንተደኣ ናይ ባዕልኹም ትካል ኣለኩም ኮይኑ። (ቀረጽ ንሰብ ትካል)
- ናይ ሞተር ተሽከርከርቲ ቀረጽ፥ እንተደኣ መኪና ኣለኩም ኮይኑ (ምዝዋር መኪና ኣብ ኔዘርላንድ)።
- ናይ ኣከባቢ ግብሪ፥ እንተደኣ መንበሪ ቤት ተኻሪኹም ወይ ገዚእኩም (ናይ ኣከባቢ ግብሪ)።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ ኣብ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ። ንናይ ከባቢ ግብሪ ዝምልከት ምስ ምምሕዳርኩም ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

*መቕጻዕቲ እንተደኣ ቀረጽ ዘይከፊልኩም*

ቀረጽ እንተዘይከፊልኩም ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይግበረልኩም እዩ። እንተደኣ ኣብ ግዚኡ ዘይከፊልክሞ ድማ እንዳበዘሐ እዩ ዝኸይድ። ስለ'ዚ ተወሰኽቲ ክፍሊታት ክትገብሩ ኢኹም ማለት እዩ። ናይ ቀረጽ ክፍሊ ንደሞዝኩም እውን ክህግሮ ይኽእል እዩ። ወይ ንዘለውኹም ትሕዝቶታት ክህግሮም ይኽእል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ ኣብ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ።

## ተወሰኽቲ ሓገዛትን ክፍሊታትን

ኣብ ኔዘርላንድ ኣታዊኦም ውሑድ ንዝኾኑ ሰባት ተወሰኽቲ ክፍሊታት ይወሃቡ እዮም። ኣብ'ዚ ዝተፈላለዩ ዓይነት ተወሰኽቲ ክፍሊታት ኣለዉ።

- ናይ ቤት ክራይ ተወሳኺ ክፍሊት። ብኽምዚ ድማ ናይ ቤት ክራይኩም ብቐሊሉ ትኸፍልዎ።
- ናይ ቆልዑት ተወሳኺ ክፍሊት። እዚ ንመግዝኢ ኣቑሑት ናይ ቆልዑት ትጥቀሙሉ። ንኣብነት፥ ክዳውንቲ ወይ ብሽክለታ።
- ናይ ክንክን ጥዕና ተወሳኺ ክፍሊት። ኣታዊኹም ትሑት ምስዝኸውን ንናይ ሕክምና ኢንሹራንስ መኽፈሊ ክኾነኩም።
- ናይ ምውዓሊ ቆልዑት ተወሳኺ ክፍሊት። ብኽምዚ ድማ ናይ ቆልዑት መውዓሊ ብቐሊሉ ትኸፍልዎ።

እዞም ተወሰኽቲ ክፍሊታት ኣብ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ከምዝኣትው ክትገብሩ ኣለኩም። ኣብ ባንኪ ሕሳብ ናይ ወሃቢ ስራሕኩም፣ ኣብ ባንኪ ሕሳብ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል ወይ ድማ ኣብ ኣብ ባንኪ ሕሳብ ናይ ቤት ዘካርየኩም ኣታዊ ክኸውን የብሉን።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ጉዳይ ቀረጽ ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 0800 05 43 ደውሉ። ወይ ድማ ኣብ belastingdienst.nl/english ወይ ኣብ belastingdienst.nl/deutch ዝብል ረኣዩ። ኣብ toeslagen.nl ዝብል እውን ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብኡ ብቛንቋ ኔዘርላንደኛ ጥራይ ዝተዳለወ ሓበሬታ ሰፊሩ ይርከብ።

ካብ ኔዘርላንድ ክትከዱ ዲኹም? እምበኣር ዝወሃበኩም ተወሳኺ ክፍሊታት ጠጠው ከተብልዎ ኣለኩም። እንተዘየሎ ብገንዘብ ክትቅጽዑ ኢኹም።

መዓስ ኢኹም ካብ ኔዘርላንድ ናይ ግድን ክትወጹ ዘለኩም?
ናይ ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ምንባር መሰልኩም በዞም ዝሰዕቡ ምኽንያታት ክስሓብ ይኽእል እዩ፥

- እንተደኣ ንናይ መንበሪ ፍቓድኩም ዝምልከት ከተማልእዎም ዝግበኣኩም ነገራት ጎደሎ ኣለዎ ኮይኑ። ንኣብነት፥ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝተወሃበኩም ኣብ ኔዘርላንድ ክትሰርሑ ተባሂሉ ኮይኑ እሞ ካብ ስራሕ ወጺእኩም ኮይንኩም። ወይ ድማ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝተወሃበኩም ምስ ሓዳርኩም ክትነብሩ ተባሂሉ ኮይኑ እሞ እንተ ተፋቲሑም ኮይንኩም።
- እኹል ዝኾነ መናበሪ ዘይብልኩም እንተኾይኑ።
- ኣንተደኣ ንማሕበራዊ ተራድኦ ዘይሚዛናዊ ጽዕነት ኮይንኩሞ።
- እንተደኣ ገበን ዝፈጸምኩም ኮይንኩም።

ኣብ ind.nl ዝብል እውን ረኣዩ።

## ኣድልዎ ወይ ኣፈላላይ

ኣብ ቅዋም ናይ ኔዘርላንድ መሰረታውያን ዝኾኑ ሕግታት ሰፊሮም ይርከቡ። እዞም ሕግታት እዚኣቶም ኣብ ኔዘርላንድ ንነፍስ-ወከፍ ሰብ ዝምልከቱ እዮም። ንኣብነት፥ ኩሉ ዝሰርሕ ሰብ ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለውዎ። ስለዚ ግዝያዊ ስራሕ ድዩ ዘለኩም ወይ ድማ ጎደሎ ሰዓታት ዲኹም ትሰርሑ? እምበኣር ምስ'ቲ ሓደ ቀዋሚ ስራሕ ዘለዎ ወይ ድማ ምሉእ ሰዓታት ዝሰርሕ ሰብ ሓደ ዓይነት መሰል እዩ ዘለኩም። ብዛዕባ ቅዋምን ሕመረታውያን ክብርታትን ናይ ኔዘርላንድ ተወሳኺ ክትፈልጡ ደሊኹም ኣለኹም? እምበኣር ነዚ ዝምልከት መጽሄት ብመንገዲ prodemos.nl/voor-gemeenten/burgerparticipatie2/toolbox-participatieverklaring/download-de-materialen-gratis. ክተውርዱ ትኽእሉ ኢኹም እቲ መጽሄት ብዝተፈላለዩ ቛንቋታት ዝተዳለወ እዩ። ንኣብነት፥ ጀርመነኛ፣ እንግሊዘኛ ፈረንሰኛ፣ ከምኡ ድማ ስፓኒሽ።

ኣብ ልዕሌኹም ኣድልዎ ዝተገብረ ወይ ድማ ኣፈላላይ ዝተገብረልኩም ኮይኑ ተሰሚዕኩም ኣሎ? ኣምበኣር ጥርዓንኩም ናብ መሰል ናይ ሰባት ዝጣበቕ ኣካል ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ብነጻ እዩ። ናብ ቁጽሪ ስልኪ፥ 030 888 38 88 ደውሉ ወይ ድማ ናብ info@mensenrechten.nl ኢመይል ጸሓፉ። ናብ ፖሊስ ወይ ናብ ምምሕዳርኩም ዝርከብ ውድብ ኣንጻር ምፍልላይ (ADV) እውን ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።




# ተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን

| ሕቶታት ወይ ሓበሬታ ብዛዕባ | ትካል | ቀጸሪ ስልኪ | ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ |
|---|---|---|---|
| ከም ነባራይ ምምዝጋብ፣ ሕግታትን ደንብታትን | መንግስቲ | 1400 ወይ<br>+31 77 465 67 67 | rijksoverheid.nl |
| ናይ ጥዕና ኢንሹራንስን ባዕልኻ ትኸፍሎ ሕሳብን | ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ምስመር | 0800 646 64 44 ወይ<br>+31 88 900 69 60 | zorgverzekeringslijn.nl/<br>coming-from-abroad |
| ደሞዝኩም። እንተወሓደ ክንደይ ክትወስዱ ኣለኩም? | መንግስቲ | 1400 ወይ<br>+31 77 465 67 67 | rijksoverheid.nl |
| ናይ ትምህርቲ ወረቓቕትኹምን ናይ ምስክር ወረቓቕትኹምን ትኽክለኛነት | Nuffic | 070 426 02 60 | nuffic.nl/en |
| ናይ ትምህርቲ ወረቓቕትኹምን ናይ ምስክር ወረቓቕትኹምን ትኽክለኛነት | SBB (ትካል ምትሕብባር ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላት) | 088 338 00 00 | s-bb.nl/en |
| ብዛዕባ ሕማቅ ናይ ስራሕ ኩነታትን ብዝበዛን ምሕባር | ቁጽጽር SZW | 088 51 51 ወይ<br>+31 70 333 56 78 | inspectieszw.nl |
| ቅንዕና ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪልኩም | ABU (ሓፈሻዊ ማሕበር ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪል NBBU | 020 655 82 55<br>033 476 02 00 | abu.nl<br>nbbu.nl |
| ናይ ስራሕተኛ ዝርዝር ሓበሬታታት፣ ከም ወናኒ ትካል ምምዝጋብ | ክፍሊ ንግዲ | 0900 123 45 67<br>(€ 0,70 ንደቒቕ) | kvk.nl |
| ናይ ስራሕ ኩነታት ኣብ cao | FNV (ናይ ሰራሕተኛታት ምንቅስቓስ ፌደረሽን)<br>CNV (ክርስትያናዊ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት) | 088 368 03 68<br>030 751 10 01 | fnv.nl/contact<br><br>cnv.nl |
| ድጎማታት | UWV (ድጎማ ዝኸፍል ኣካል) | 0900 92 94<br>(€ 0,04 ንደቒቕ ምስ መጀመሪ ዋጋ € 0,045 ) | uwv.nl |
| ቀረጽ፣ ተወሳኺ ክፍሊት | ናይ ቀረጽ ጉዳይ | ናይ ቀረጽ ቁጽሪ ስልኪ፥<br>0800 05 43 | belastingdienst.nl/english ወይ belastingdienst.nl/deutch |
| ኣብ ኔዘርላንድ መኪና ምምራሕ፣ ናይ ሰሌዳ ቑጽሪ | RDW (ናይ መንገዲ ተራፊክ ናይ መንግስቲ ጉዳያት) | 0900 07 39<br>(€ 0,10 ንደቒቕ ) | rdw.nl/<br>information-in-english |
| ብናይ ግዝያዊ ስራሕ ወኪልኩም ካብ ግቡእኩም ንታሕቲ ምስ ትኽፈሉ። | SNSU (ብናይ ስራሕ ወኪል ንዝሰርሑ ናይ CAO ሕጊ ንኽኽበረሎም ዝጣበቕ ማሕበር) | 0800 70 08 | sncu.nl |
| መኪና ምእታው፣ ናይ ሞተር ተሽከርከርትን ናይ መካይንን ቀረጽ | ናይ ቀረጽ ቁጽሪ ስልኪ መኪና | 0800 07 49 | belastingdienst.nl/auto |
| ኣድልዎን ኣፈላላይን | ንመሰል ደቂ ሰባት ዝጣበቕ ኣካል | 030 888 38 88 | mensenrechten.nl |



**ካልእ ሓበሬታ**
ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ newinthenetherlands.nl ከምኡ ድማ rijksoverheid.nl ዝብል ረኣዩ።.

ምኒስትሪ ማሕበራዊ ጉዳያትን ዕዮን
Postbus 90801 | 2509 LV Den Haag

እዚ መጽሄት ብልዑል ጥንቃቐ እዩ ተዳልዩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይ'ዚ መጽሄት ንኽህልዉ ዝኽእሉ ጌጋታትን ጎደሎታትን ምኒስትሪ ማሕበራዊ ጉዳያትን ዕዮን ምንም ተሓታትነት ተጠያቕነት ክኸውን ከምዘይክእል ንሕብር። ኣብ ትሕዝቶ ናይ'ዚ መጽሄት መጺእካ ድማ መሰላት ክሕተት ኣይከኣልን እዩ። ትሕዝቶ ናይ'ዚ መጽሄት ድማ ብመሰረት ሕጊ ናይ 1 ሰነ 2016 ተሞርኪስካ ዝተገብረ እዩ

Juni 2016 | ትግርኛ